# ፍኖተ - መስቀል

## ካልእ ጸሎታትን




ብኃልዮት
ካቶሊካዊ ቤት-ጽሕፈት ርእሰ ኤጳርቅና ኣሥመራ
2025

# መቕድም

እዚ ንእሽቶ መጽሓፍ'ዚ፣ ፍኖተመስቀልን፣ ጸሎተ-መቑጸርያን፤ ከም ጸሎተ ቡራኬን፣ መልኣከ እግዚኣብሔርን፣ ሊጣንያ ዘጥቀ ቅዱስ ስመ-ኢየሱስን ዝበለ ልሙድ ጸሎታት ዝሓዘ እዩ።

ስእልታት ፍኖተመስቀል ብኣቶ ገብረዝጊ ሀብተ ብባህላዊ መልክዕ ዝተሳእለ፤ እቲ ጽሑፍ ከኣ ብክቡር ኣባ ግርማይ ኣብርሃ፣ ዘማኅበረ ሲታውያን ብ2008 ዓ.ም. ካብ እንግሊዝ ተተርጒሙ ከም መፈተኒ ተዘርጊሑ ዝነበረ ኢዩ። መሠረቱ ኪርሸ-ኢን-ኖት ዚበሃል ጀርመናዊ ናይ ግብረሠናይ ካቶሊካዊ ትካል ዘዳለዎ ንእሽቶ መጽሓፍ ፍኖተመስቀል እዩ።

ቍጽሪ ኣሳእል ፍኖተመስቀል፣ ኣብ ክንድ'ቲ ልሙድ ዓሠርተ ኣርባዕተ፣ ከም'ቲ ሎሚ ቤተክርስትያን እትደልዮ፣ ምስ'ቲ ናይ ትንሣኤ መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዓሠርተ ሓሙሽተ ስእሊ ኮይኑ ኣሎ። ሕማማት ብዘይ ትንሣኤ፤ ዓርቢ ስቕለት ብዘይ ሰንበት ፋሲካ ትርጒም ስለዘይብሉ ኣስተንትኖናን ጸሎትናን ብኽልቲኡ ምሉእ ኪኸውን ይግባእ።

ኣብ ጸሎተ መቑጸርያ'ውን፤ ናይ ደስታ ምሥጢራት፣ ብሰኑይን፣ ቀዳምን፤ ናይ ብርሃን ምሥጢራት ብኃሙስ፤ ናይ ሕማም ምሥጢራት ብሠሉስን ዓርብን፤ ናይ ክብሪ ምሥጢራት ከኣ ብረቡዕን ሰንበትን እነስተንትኖ ምዃኑ ፈሊጥና ንሹሉ በብመዓልቱ ክንጥቀመሉ ኣሎና።

እቲ ካልእ ጸሎታት እውን ብቐረባ ምእንቲ ክንረኽቦን፣ ወትሩ ክንጥቀመሉን ብዚብል ዕላማ ዝተወሰኸ እዩ። ስለ'ዚ ነቲ ልሙድን ገርህይናን ጸሎታት ኣይነጥፍኣዮ፥ ወትሩ ድማ ኣብ ጸሎት ንትጋህ። እግዚኣብሔር፣ ንጸሎትናን፣ ምህልላናን ተቐቢሉ ንትሩፋትን፣ ቅድስናን ይግበረልና።

ብልቢ እንትጸለና፣ ንጉሠ ሰላም መድኃኔዓለም ነቲ ለይትን መዓልትን ብሃንቀውታ እንምነዮን፣ እንጽበዮን ሓቀይናን ነባርን ሰላምን ቅሳነትን ከውርደልና እዩ። ኣዴና ኪዳነምሕረት ከኣ፣ ከም ልማዳ ካብ ፍቁር ወዳ ጸጋን በረኸትን ተማልደልና።

ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም
ሊቀ-ጳጳሳት ዘመንበረ ኣሥመራ

ጸመ-፵ 2025 (፳፻፲፯)

# ቅድሚ ፍኖተመስቀል ዚግበር ጸሎት

* ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስን ኣሜን!!

* መን ምኺንናን ናበይ ከምንኸይድን እንፈልጥ ብኢየሱስ ክርስቶስ ጥራሕ ኢና። ናይ ሥቓይን ሞትን ፈዋሲ ትርጒሙ ክንረኽቦ እንኽእል ድማ በቲ ካብ ወንጌሉ እንረኽቦ ግልጸት እዩ። ነፍስወከፍና ዚሸከሞ መስቀል ኣለዎ። ነፍስወከፍና ድማ ካልኦት ዚሣቐይዎ ኵሉ እንፈልጦ ኣሎና። ነዚ ፍኖተመስቀል ዝተሰምየ መንገዲ-መስቀል ተኸቲልና እንክንጐዓዝ እምነትና ተስፋናን ከነሓድስ ንርከብ። ዓለም ሕይወት ምእንቲ ኪረክብ፤ እኳደኣ ኣብ'ዚሑ ምእንቲ ኪረክብ፣ ናብ ቀራንዮ ብድላዩ ዝደየበን፤ ኣብኡ ሞይቱ ዝተንሥአን ኢየሱስ ክርስቶስ ጐይታ ፍቕርናን ምስጋናናን ንገልጸሉ። ተጻይ ሓሶት ኣብ እነካይዶ ውግእ ምእንቲ ክትሕግዘና፣ ነታ ፀሓይ ዝለበሰት ድንግል ማርያም ንልምን፤ ንጸሎትና'ውን ምስ ጸሎታ ንጽንብር ኣሎና። ምስ ኵሎም ቅዱሳን ሓቢርና ከኣ ሰማዕታት ብደሞም ንዝኀተምዎ እምነትና ብጸሎት ሃይማኖት ንደግሞ ኣሎና፦

* **ኣኣምን እግዚኣብሔር ኣቦ፥** ኵሉ ዚኽእል ሰማይን ምድርን ዝፈጠረ፤ ብኢየሱስ ክርስቶስ ሓደ ወዱ፣ ጐይታና፤ ንሱ ብመንፈስ ቅዱስ ተፀንሰ፤ ካብ ድንግል ማርያም ተወልደ፤ ተሳቐየ፤ ኣብ ትሕቲ ሥልጣኑ ንጲላጦስ ጴንጤናዊ ተሰቕለ፣ ሞተ፤ ተቐብረ፤ ናብ ሲኦል ወረደ፤ ብሣልሳይ መዓልቲ እንካብ ሞት ተንሥአ፤ ናብ ሰማይ ዓረገ፤ ኣብ የማንቲ ኵሉ ዚኽእል እግዚኣብሔር-ኣቦ ተቐመጠ፤ ድኅር'ውን ንዘለዉን ንዝሞቱን ኪፈርድ ይመጽእ። ኣኣምን ብመንፈስ ቅዱስ፣ ብቕድስቲ ቤተክርስትያን ካቶሊካዊት፤ ናይ ቅዱሳን ሱታፌ፤ ናይ ኃጢኣት ሥሬት፤ ናይ ሙታን ትንሣኤ፤ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ኣሜን።



# ቀዳማይ ምዕራፍ

# ✞ ኢየሱስ ንሞት ተፈርደ

**መራሒ፣** ኦ ክርስቶስ ንሰግደልካን ነመስግነካን ኣሎና።

መላሺ፡ ብዝተቐደሰ መስቀልካ ንዓለም ዘድሓንካ ንስኻ ኢኻ።

## ንባብ ቅዱስ መጽሓፍ፦

ንሳቶም ከኣ "ስቐሎ" ኢሎም ከምበሓዲሽ ጨደሩ፤...ጲላጦስ ከኣ ነቶም ሕዝቢ ከሓጕሶም ስለዝመደበ፤ ንበርባን ፈትሓሎም ንኢየሱስ ከኣ ኪሰቕልዎ ገረፉ ሃቦም። (ማር.15፣13.15)

## ኣስተንትኖ፦

ኢየሱስ ኃጢኣት ከምዘይብሉ ጲላጦስ ይፈልጥ እዩ። ኣብ እዋን ፋሲካ እሱር ምፍታሕ ድማ ልሙድ ነበረ። ስለ'ዚ ጲላጦስ ንኢየሱስ ኪፈትሕ ሓሳብ ኣቐረበ። እንተ'ኾነ እቲ ብሊቀካህናት ዝተለዓዓለ ሕዝቢ፣ ወዮ ቀታል-ነፍሲ በርባን ኪፍታሕ፣ ኣብ ክንድኡ ኢየሱስ ኪመውት ሓተተ። ጲላጦስ ኢዱ ተሓጽበ፣ ብዜሕፍር ኣገባብ ከኣ ነቲ ሠናይ ብርእሳን ሕይወት ብቐንዳን ዝ'ኾነ ንሞት ኣሕሊፉ ሃቦ። ብመራሕቱ ንዝተለዓዓለ ሕዝቢ ከሓጕስ ጲላጦስ ሕራይ በለ። ከም ገዛኢ (ኣመሓዳሪ) ዝነበሮ ግዴታ (ግቡእ) ረስዐ፤ ርትዕን ፍትሕን ከኣ ረገጸ። እቲ ኡንኮን ንውልቁን ፍጹም ንጹሕ ዝ'ኾነ ኢየሱስ፤ ናይ'ቲ ብዘይሕጊ ዚካየድ ሓፋሽ ግዳይ ወይ ዒላማ ኮይኑ።

**.......ብስ'ቕታ ምስትንታን.........**

ለመስቀልከ ንሰግድ ኦ ሊቅነ፤ ወለትንሣኤከ ቅድስት ንሴብሕ ኵልነ ይእዜኒ ወዘልፈኒ።



**ጸሎት፣**

* ኦ እግዚኣብሔር-ኣቦ፤ ተጻይ ፍትሕን ፍቕርን ብዝሓሰናሉን ገለ ብዝፈጸምናሉን ግዜያት ኩሉ ይቕረ በለልና። ኦ ጐይታና መሓረና!

* ቀጥዒ ኣብ ዘይብሉ ህርፋን ሥልጣንን ገንዘብን ንዝወደቑ ኵሎም ናብ ልቦም ምለሶም። ንኹሉ ሰብ ብመንፈስ ኃላፍነት ዜገልግሉ ግበሮም። **ኦ ጐይታና መሓረና**!!

**መራሒ፣** ስብሓት ንኣብን ንወልድን ንመንፈስ ቅዱስን ይኹን።

መላሺ፣ ጥንቲ ከም ዝነበረ ሕጅን ንወትሩን ንዘለዓለም ዓለምን ኣሜን።

# ካልኣይ ምዕራፍ
# ♰ ኢየሱስ መስቀሉ ጾረ

**መራሒ፥** ኦ ክርስቶስ ንሰግደልካን ነመስግነካን ኣሎና።
መላሺ፡ ብዝተቐደሰ መስቀልካ ንዓለም ዘድሓንካ ንስኻ ኢኻ።

**ንባብ ቅዱስ መጽሓፍ፦**


መስቀሉ ጸዊሩ ናብ'ቲ "ሓምሓም ርእሲ"፤ ብዕብራይስጥ ድማ ጎልጎልታ ዚብልዎ ሥፍራ መጽአ፥ (ዮሓ.19፣17)

**ኣስተንትኖ፦**

ኢየሱስ ኣብ ጌተሰማኒ ኮይኑ ብመሪር ሰብኣዊ ሥቓይ ተሰንዩ ጸለየ፤ "ኣባ ኣቦይ! ...ነዛ ናይ መከራ ጽዋዕ ካባይ ኣሕልፋ" (ማር.14፣36) በለ። ቅጽል ኣቢሉ ኸኣ፤ "እንተ'ኾነ ፍቓድካ ደኣ'ምበር ፍቓደይ ኣይኹን" (ማር.14፣36) ኪብል ጸለየ። ንሕና ነታ ዝነኣሰት ወገን መስቀል እውን እንተ'ኾነት ከይንሸከም ነድሓርሕር። እዚ ባሕርያዊ ነገር እዩ፣ ኢየሱስ ግን ነዚ ናይ ድኻነት መስቀል፣ ብድላዩ ሓቝፎ፣ ንኹሉ ናይ ኣኃቱን ኣኃዋቱን ሥቓያት ኣብ መንከቡ ጸወሮ። ሓዘን ዝወረሶ ሰብ ኮነ፣ ምእንቲ ከድኅነና ከኣ ሥቓይ ተቐበለ። ንድኻታትን ሕሙማትን፤ ነቶም ብጽምዋ ዝተበልዑን ዝተሰደዱን ዝተዋረዱን፤ ንዝተደርበዩን ብፍርሂ ዝረዓዱን፤ ነቶም ትርጉም ሕይወት ኪረኽቡ ጋና ሃሰስ ዚብሉን፤ እምነትን ተስፋን ዘጥፍኡን ኣብ'ዛ ዕንፀይቲ መስቀል ኪጸውሮም ይርከብ። በዚ ዓይነት'ዚ ጐይታ ንላዕሊ ገጹ ይድይብ።

**.......ብስቕታ ምስትንታን.........**

ለመስቀልከ ንሰግድ ኦ ሊቅነ፤ ወለትንሣኤከ ቅድስት ንሴብሕ ኵልነ ይእዜኒ ወዘልፈኒ።



**ጸሎት፣**

* ኦ ኢየሱስ መድኃኒና! ብመስቀልካ ነዚ ንዓለም ውሒጥዎ ዘሎ ባሕሪ-ሓዘን ናብ እግዚኣብሔር-ኣቦ ገጹ ዚመርሕ ፈዋስን ቤዛውን ኃይሊ ገቢርካ ለውጠልና። ኦ ጐይታ ጸሎትና ስምዓዮ!

* ዕለታዊ ጸገማትናን ድኽነትናን ሓቘፍና ምእንቲ ክንክእል፤ ፈቃር ውሉዳዊ ልብኻ ጸግወና፤ ብግዜ ፈተናን ጸበባን ንመስቀልካ ምስዓም መሃረና። **ኦ ጐይታ ጸሎትና ስምዓዮ!**

**መራሒ፣** ስብሓት ንኣብን ንወልድን ንመንፈስ ቅዱስን ይኹን።

መላሺ፣ ጥንቲ ከም ዝነበረ ሕጂን ንወትሩን ንዘለዓለም ዓለምን ኣሜን።

# ሣልሳይ ምዕራፍ
# ✝ ኢየሱስ ንፈለማ ግዜ ወደቐ

***መራሒ፣ ኦ ክርስቶስ ንሰግደልካን ነመስግነካን ኣሎና።***

***መላሺ፣ ብዝተቐደሰ መስቀልካ ንዓለም ዘድሓንካ ንስኻ ኢኻ።***

## ንባብ ቅዱስ መጽሓፍ፦

***“እቲ ንጉሥ ከኣ እቲ ንሓደ ካብ'ዞም ዝነኣሱ ኣኅዋተይ ዝገበርክምዎ፤ ነኣይ ከም ዝገበርክምዎ በሓቂ እብለኩም ኣሎኹ” ኢሉ ኪምልሸሎም እዩ።*** (ማቴ.25፣40)

## ኣስተንትኖ፦

ተጻይ ሰብኣዊት ሕይወት ናይ ዚፍጸም ኃጢኣት ክበድ ብምሉኡ ንጐይታና ኣብ ምድሪ ከምዚወድቕ ገበሮ። ነፍሲወከፍ ሕፃን ኪጽነስ ከሎ ኣምላኽ ባዕሉ'ዩ ብቐጥታ ዚሰርሕ፤ ንነፍስወከፍ ሕፃን ከኣ ዘይትመውት ነፍሲ ይዕድሎ። ነፍሲወከፍ ሰብ ብኣምሳል ኣምላኽ ዝተገብረ እዩ። ክርስቶስ ድማ ንነፍስወከፍ “ሕይወት ኣብዚሑ” (ዮሓ.10፣10) ሂቡና። ምእንት'ዚ ብነፍሲ ይኹን ብሥጋ፤ ካልእ ሰብኣዊ ፍጡር ምቕታል ኣብ ልዕሊ ስራሕ-ኣምላኽ ዚፍጸም ዓቢይን ዘንቀጥቀጥን በደል እዩ። ኣብ ማሕፀን ወላዲቱ ዘሎ ነፍስወከፍ ዕሽል፤ ዝኾነ ይኹን ግዳይ-ውግእ ዘበለ፤ ብዕድመ ኾነ ብሕማም ዝተመግደረ፤ ብናይ ግዜኡ ግጉይ ኣተሓሳስባ ከምዘይረብሕን ዘየርብሕን ገቢርካ ዚሕሰብ ዝኾነ ይኹን ሰብ ዘየሃስስን ዘይበርስን ክብረ-ግርማ ከምዘለዎ፤ እቲ ካብ ዝወደቐሉ ዳግም ዚትንሥእ ኢየሱስ የረጋግጸልና።

***.......ብሰቕታ ምስትንታን.........***

***ለመስቀልከ ንሰግድ ኦ ሊቅነ፤ ወለትንሣኤከ ቅድስት ንሴብሕ ኵልነ ይእዜኒ ወዘልፈኒ።***



**ጸሎት፦**

* ኦ መንፈስ ቅዱስ፣ ናይ ነፍስወከፍ ሰብኣዊት ሕይወት ዕቤት ፈሊጥና ምእንቲ ክንከላኸለላን ከነደልድላን ብርሃንካ ኣብረሃልና። ኦ ጐይታ ጸሎትና ስምዓዮ!

* ብናይ ምንጻል ጽንሲ ኮነ ብካልእ ዓይነት ሞትን ግብረ-ሸበራዊ ኃጢኣትን ንዝበደሉ ብንስሓ ከም ዚምለሱ ግበር። መስቀልካ ከም ዚኸብድ ንዝገበሮ ኃጢኣትና ይቕረ ክትብለልና ንልምን፤ ጸጺኒሕና ካብ ኃጢኣትና ዳግማይ ንሞትንሣእ'ውን ኃይሊ ሃበና። **ኦ ጐይታና መሓረና!**

**መራሒ፣** ስብሓት ንኣብን ንወልድን ንመንፈስ ቅዱስን ይኹን።

መላሺ፣ ጥንቲ ከም ዝነበረ ሕጅን ንወትሩን ንዘለዓለም ዓለምን ኣሜን።

# ራብዓይ ምዕራፍ

# ✟ ኢየሱስ ምስ ማርያም ኣዲኡ ተራኸበ

**መራሒ፣ ኦ ክርስቶስ ንሰግደልካን ነመስግነካን ኣሎና።**

**መላሺ፣ ብዝተቐደሰ መስቀልካ ንዓለም ዘድሓንካ ንስኻ ኢኻ።**

**ንባብ ቅዱስ መጽሓፍ፦**

ስምዖን ከኣ...ንማርያም... "ሓሳባት ልቢ ብዙኃት ምእንቲ ኪግለጽ፤ ኃዘን ንልብኺ ከም ሰይፊ ኪስንጥቕ እዩ" በላ። (ሉቃ.2፣34-35)

**ኣስተንትኖ፦**

**ኣብ ቤተልሔም ማርያም ንፈለማ ግዜ ንሕፃና ሓቘፈቶ። ንግብጺ ኣህደመቶ። ድሕር'ዚ ናይ'ዛ ፍቕሪ ዝዓዘዛ ስድራቤት ሕይወት ንዓመታት ኣብ ናዝሬት ቀጸለ። ንሳን ዮሴፍን ንኢየሱስ ሕፃን በቲ ናይ ኣቦታቶም እምነት ኰስኰስዎ፤ መሃርዎ። ድሕሪኡ ድማ ንሱ እቲ ናይ በሓቂ መምህር፤ ማርያም ከኣ እታ ቀዳመይቲ ተመሃሪት ወይ ተኸታሊት ኮነት፣ ብስም'ቶም ዝደሓኑ ኵሎም ድማ ንሳ ንመድኃኔ ዓለም ተሓባባሪትን ሓጋዚትን ክትከውን ተረኽበት። እዚ እቲ ቀንዲ ጸዋዕታኣ እዩ። ሓዋርያቱ ኣብ ዝተበተኑሉ እውን፤ ንሳ ከም መጠን እምንትን ውፍይትን ተኸታሊት ካብኡ ኣይተፈልየትን፤ ንሱ ነኣኣ ተኸተሩ ይጥምታ፤ እቲ ንጉሥ ከም ሓደ መንም ባርያ ድኻ ኮነ። ኵሉ ነገር ኣሕደግዎ። ንግዙፍ ኣካሉ ኣቕሰልዎ። ከም ሓደ ዝተቐስፈን ዝተወቕዐን ለማናይ ኮይኑ ተረፈ። እቲ ካብ ኣዕይንታ ዚወጽእ ልኡም ጠመተ ምንጪ ምጽንናዕ እዩ።**

**.......ብስቕታ ምስትንታን.........**

**ለመስቀልከ ንሰግድ ኦ ሊቅነ፤ ወለትንሣኤከ ቅድስት ንሴብሕ ኵልነ ይእዜኒ ወዘልፈኒ።**



**ጸሎትና**

* ምስ’ቲ ዝተዋረደን ዝተሣቐየን ክርስቶስ፤ ኣብ ተግባር-ድኅነቱ ምስኡ ክንጐዓዝ ደኣ’ምበር ካብኡ ምእንቲ ከይንፍለ፤ ኦ ማርያም ብኢድኪ ሓዝና፤ ኣታትይና። “ኦ ጐይታ መሓረና” እናበልና ምሳኺ ኮይንና ንነብዕ ነእዊ ኣሎና። ኦ ጐይታና መሓረና!

* ነቲ ብሥቓይ ዝተበላሸወ ገጽ-ኢየሱስ፤ ኣብ ነፍስወከፍ ድኻን መስኪንን፤ ኣብ’ቶም ዚሣቐዩ ሰባትን ፈሊና ክንርኢ፤ በቲ ናትካ ርኅራኄን ሓልዮትን’ውን ክንግደሰሎምን ከነገልግሎምን መሃረና። **ኦ ጐይታና መሓረና!**

**መራሒ፣** ስብሓት ንኣብን ንወልድን ንመንፈስ ቅዱስን ይኹን።

**መላሺ፣** ጥንቲ ከም ዝነበረ ሕጅን ንወትሩን ንዘለዓለም ዓለምን ኣሜን።

## ሓምሻይ ምዕራፍ

## ✟ ስምዖን ቄሬናዊ ንኢየሱስ መስቀሉ ኣብ ምጽዋር ሓገዘ

**መራሒ፣ ኦ ክርስቶስ ንሰግደልካን ነመስግነካን ኣሎና።**

**መላሺ፣ ብዝተቐደሰ መስቀልካ ንዓለም ዘድሓንካ ንስኻ ኢኻ።**

**ንባብ ቅዱስ መጽሓፍ፦**

**"ንኢየሱስ ሒዞምዎ ኪኸዱ ከለዉ፤ ንስምዖን ቄሬናዊ፤ ካብ በረኻ ኪኣቱ ከሎ ሓዝዎ፤ ነቲ መስቀል ኣሸኪሞም ከኣ ደድሕሪኡ ከም ዚስዕብ ገበርዎ።"** (ሉቃ.23፣26 ረአ)

**ኣስተንትኖ፦**

**ነቶም ቀዳሞት ክርስትያን ስምዖን ቄሬናዊ ማለት ጋና ዝኸሩ ዘይኃሰሰ ዝነበረ እዩ። ነቲ ኣብ ጕዕዞኡ ዝደኸመ ኢየሱስ ኪሕግዝ ዝተዓደለን፤ ኣብ'ቲ ናይ መሥዋዕቲ መስቀል ክበድ ምስ ኢየሱስ ዝተኻፈለን ሰብ ኮይኑ ይዝከር። ኣብ'ቲ ጕዕዞኡም ብሥቓይ ዝደኸመ ጐይታ ኢየሱስ ዜስተንፍሶ ንዝነበረ ብቐረባ ዝሰምዐን ዝተሰምዖን እዩ። ኣብ ፈለማ ነቲ ጕዳይ ተገዲዱ ኣተዎ፥ ደሓር ግን በብቑሩብ እዚ ኢየሱስ ገበነይና ከምዘይኮነ፤ ምሥጢራውን ፍሉይን መለኮታዊ መንፈስን ጮራን ካብኡ ይወጽእ ከምዝነበረ፤ ንስምዖን ተፈለጦ። ነቶም ኣብ ጸገም ዘለዉ ንምርዳእ ኣብ እንገብሮ፤ ብዚበዝሕ ግዜና ገንዘብና ጕልበትና ንነፍግ። ንኽርስቶስ ኣብ ብጻይና በሓቂ ከነለልዮ እንተንኽእል መስቀል ብሓጐስ ክንጸውር ኣይምጸገመናን።**

**.......ብስቓታ ምስትንታን.........**

**ለመስቀልከ ንሰግድ ኦ ሊቅነ፤ ወለትንሣኤከ ቅድስት ንሴብሕ ኵልነ ይእዜኒ ወዘልፈኒ።**



**ጸሎት፦**

* ኦ እግዚኣብሔር-ኣቦ ነቲ ኣብ እምባ ቀራንዮ ዚሣቐ ወድኻ ኣብ ነፍስወከፍ ዚሣቐ ሰብ ክትርእዮ ትርከብ፣ ንድኻምነትና ኣናሕስየልና ብግዜ ፍርሃት ናባኻ ኣብ እንገብሮ ጕዕዞ ከተበርትዓና ንልምነካ ኣሎና። ኦ ጐይታና መሓረና!

* ኦ ኣቦ-ምሕረት፣ ኣብ ጸገም ንዘለዉ ኣኅዋትናን ኣኃትናን ስምዖን ቄሬናዊ ክንኮኖምን በኣኣቶም ኣቢልና ድማ ነቲ ዝተሰቕለ ወድኻ ክነጸናንዕ (ክነሓጉስ) ሓግዘና። **ኦ ጐይታና መሓረና!**

**መራሒ፣** ስብሓት ንኣብን ንወልድን ንመንፈስ ቅዱስን ይኹን።

መላሺ፣ ጥንቲ ከም ዝነበረ ሕጅን ንወትሩን ንዘለዓለም ዓለምን ኣሜን።

# ሻድሻይ ምዕራፍ
# ✟ ቨሮኒካ ንገጽ ኢየሱስ ደረዘት

**መራሒ፣ ኦ ክርስቶስ ንሰግደልካን ነመስግነካን ኣሎና።**

**መላሺ፣ ብዝተቐደሰ መስቀልካ ንዓለም ዘድሓንካ ንስኻ ኢኻ።**

## ንባብ ቅዱስ መጽሓፍ፦

“ሃብትኻ ኣብ ዘለዎ ልብኻ እውን ኣብኡ ኣሎ። (ማቴ.6፣21) “መምህር! ናብ እትኸዶ ኽስዕበካ እየ”። (ማቴ.8፣19)

## ኣስተንትኖ፦

ቬሮኒካ ከይፈርሐት ነቲ ኣብ ሥቓይ ዝነበረ ኢየሱስ ሰዓበቶ። ናይ ቤተክርስትያን ሕያው ኣብነት እያ። ቤተክርስትያን ናይ ክርስቶስ መርዓትን ኣደን እያ፥ ስለ'ዚ ኸኣ ነቶም ክቡር ሃብታን ንብረታን ዝኾኑ ኣብ'ዚ ምድር'ዚ ንዚሣቐዩን ዚስደዱን ፈጺማ ኣይትርስዖምን። ክርስትያን በሓቂ ናይ ክርስቶስ ኰይኖም ከምዝተረኽቡ መጠን ብዓለም ኪጽልኡን ኪንጸጉን ምኻኖም ዘይተርፍ እዩ። ከመይ ንሳቶም “ናይ ዓለም ኣይኮኑን” (ዮሓ.17፣14)፥ *“ካብ መምህሩ ዚዓቢ ተመሃራይ'ውን የልቦን”* (ሉቃ.6፣40)። እቶም ሎሚ ኣሰር ቨሮኒካ ዚስዕቡ መን'ዮም እንተተባህለ፤ እተን ርእሰን ንጐይታ ዝወፈያ ደቀንስትዮ ምስ'ቶም ዚሣቐዩን ዚስደዱን ዘበሉ ንዚሣቐ ክርስቶስ ሕይወቶም ዘወፈዩ ተባዓት ክርስትያን እውን ደቂ ቨሮኒካ እዮም። ነዚ ናይ ቨሮኒካ ተባዕን ቈራጽን ፍቕሪ ዚወሃቦ ሽልማት እቲ ገጽ-ክርስቶስ እዩ፥ ኣየናይ ገጽ? እቲ ብኣምላኻዊ ደም ዝተለወሰ፤ ኣብ'ቲ ጨርቅን፣ ኣብ'ቲ ናይ ውሽጣዊ ዕመቝን ዝተለወሰ ገጽ እዩ።

**.......ብስቕታ ምስትንታን.........**

**ለመስቀልከ ንሰግድ ኦ ሊቅነ፤ ወለትንሣኤከ ቅድስት ንሴብሕ ኵልነ ይእዜኒ ወዘልፈኒ።**



## ጸሎት፦

* ኦ ጐይታ! ምስክርነቶም ንዝሃቡ ሰማዕት'ኻ ወትሩ ከም ንዝክሮም ነመስግኖምን ግበረና። ምእንቲ ቅዱስ ስምካን ስለ ሓቅን ኪብሉ ኣብ ቤት ማሕቡስ ዚሣቐዩን ጭቁና ዚጸውሩን ኹሎም ኣብ'ቲ ዝተቐደሰ ኣቐኑሳልካ ኣጽልሎም። ኦ ጐይታ መሓረና!

* ኦ ኢየሱስ ምእንታና ሰማዕትነት ተቐበልካ፤ ንገጽ ሰብ ከይፈራሕና ኣብ ዓለም ብግልጺ ክንምስክረልካ ሓግዘና። **ኦ ጐይታና መሓረና**!

**መራሒ፣** ስብሓት ንኣብን ንወልድን ንመንፈስ ቅዱስን ይኹን።

መላሺ፣ ጥንቲ ከም ዝነበረ ሕጂን ንወትሩን ንዘለዓለም ዓለምን ኣሜን።

# ሻብዓይ ምዕራፍ
# ✟ ኢየሱስ ኸኻልኣይ ግዜ ኣብ ትሕቲ መስቀል ወደቐ

***መራሒ፣* ኦ ክርስቶስ ንሰግደልካን ነመስግነካን ኣሎና።**

***መላሺ፣* ብዝተቐደሰ መስቀልካ ንዓለም ዘድሓንካ ንስኻ ኢኻ።**

## ንባብ ቅዱስ መጽሓፍ፦

**ቅድስትን መንቅብ ዘይብላን ክብርቲ ቤተክርስትያኑ ገቢሩ ናብኡ ምእንቲ ኬቕርባ ኣብ ክንዳኣ ገዛእ ርእሱ በጀ ክሳብ ምሃብ ክርስቶስ ንቤተክርስትያን ኣፍቀራ።** (ኤፌ.5፣25-26 ረአ)

## ኣስተንትኖ፦

**በታ ዕለት ዓርቢ ብመግረፍቲ ዝደኸመ ኣካል ኢየሱስ ንካልኣይ ግዜኡ ወደቐ። ሎሚ ኣካል-ክርስቶስ እንብላ ቤተክርስትያን እያ። ንሳ ምስኡ ምስ'ቲ ርእሳ ዝኾነ ክርስቶስ ንወትሩ ዝተጣበቐት እያ። እዚ ኣብ መንጎ ርእስን ኣካሉን ዘሎ ምውህሃድ ስራሕ መንፈስ ቅዱስ እዩ። ንቤተክርስትያን ማእለያ ዘይብሉ ፍረ-ቅድስና ዚዕድላ'ውን እዚ መንፈስ ቅዱስ ባዕሉ እዩ፣ ምስ'ዚ ኹሉ ግን ቤተክርስትያን ነቶም እናናሳዕ ንስሓን ተሓድሶን ዜድልዮም ኃጥኣን ሓቝፋ ትርከብ። እቲ ዜንጸባርቕ ጽባቔ ገጽ-ኢየሱስ ብምልኣቱ ንኸይግለጸልና ዚጋርድ እቲ ጉድለትናን ኃጢኣትናን እዩ። ገሊኣቶም ሰባት ክርስትና ሕራይ፤ ቤተክርስትያን ግን ኣይፋል! ኪብሉ ይርከቡ። እዚ ግን ብዘይካ'ቲ ርኡይ ምልክታት ናይ ሕዝበ ክርስትያን፣ ወይ ሕዝበ እግዚኣብሔር ክርስትና ክትርኢ ምድላይ ማለት እዩ። ንጐይታ ዳግማይ ዘቍስሎን ዘሣቕዮን ዘሎ ድማ፤ እዚ ኣብ ልዕሊ'ታ ኣካሉ ዝኾነት ቤተክርስትያን ዚፍጸም ለግጽን ንዕቀትን እዩ፥ ልክዕ ከም'ቲ ሽዑ ካልኣይ ግዜ ዝወደቐሉ ዝተሣቐየሉ ዜሣቕዮ ሃለዋት እዩ።**

**.......*ብስቕታ ምስትንታን*.........**

**ለመስቀልከ ንሰግድ ኦ ሊቅነ፤ ወለትንሣኤከ ቅድስት ንሴብሕ ኵልነ ይእዜኒ ወዘልፈኒ።**



**ጸሎትና**

* ኦ መንፈስ ቅዱስ፣ ቤተክርስትያን በቲ ዜንጽሕ ሓዊ ከምትሕደስ፤ ንኢየሱስን ወንጌሉን ሃሰስ ንዚብሉ ኵሎም ዘይትሰሓት ሰሓቢት ምልክት ከምትኸውን ግበራ፣ ኦ ጐይታ መሓረና!

* ናይ እግዚኣብሔር-ኣቦን ወልድን መንፈስ ፍቕሪ ዝኾንካ ኦ መንፈስ ቅዱስ፤ ንመልክዕን ምልክታትን ክርስቶስ ኣብ ቅድሚ ዓለም ከምዘይረአ ገቢርና ብዘጸልመትናዮን ብዘንጸላለናዮን ኵሉ ይቕረ በለልና። **ኦ ጐይታና መሓረና!**

**መራሒ፣** ስብሓት ንኣብን ንወልድን ንመንፈስ ቅዱስን ይኹን።

መላሺ፣ ጥንቲ ከም ዝነበረ ሕጂን ንወትሩን ንዘለዓለም ዓለምን ኣሜን።

# ሻምናይ ምዕራፍ
# ✟ ኢየሱስ ምስ ደቂ ኢየሩሳሌም ኣንስቲ ተራኸበ

**መራሒ፣** ኦ ክርስቶስ ንሰግደልካን ነመስግነካን ኣሎና።

**መላሺ፣** ብዝተቐደሰ መስቀልካ ንዓለም ዘድሓንካ ንስኻ ኢኻ።

**ንባብ ቅዱስ መጽሓፍ፦**

ኢየሱስ ከኣ ናብ'ተን ኣንስቲ ግልጽ ኢሉ ከምዚ በለን፦ "ኦ ደቂ ኢየሩሳሌም ምእንቲ ርእስኽንን ደቅኽንን ደኣ ብኽያ'ምበር፤ ምእንታይስ ኣይትብከያ"። (ሉቃ.23፣28 ረአ)

**ኣስተንትኖ፦**

ዝተወቕዐን ዝተዋረደን ኢየሱስ ኵሉ ሃለዋቱ ዜራኅርኅን ዜደንግጽን ስለዝነበረ፤ ገሊኣተን ኣንስቲ ምስ ረኣያኦ ኪበኽያ ተገደዳ። እቲ ዓቢይ መምህር ብኸም'ዚ ናብ'ቲ ሓቂ ገጹ ይመርሐን። ነቲ ሥጋ ዝለበሰ፤ ሰብ ዝኾነ ቃል-ኣምላኽ፤ ምሥጢሩ ብዕምቈት ኪግንዘብኦ ኣይተረኽባን። እቲ ቃል'ቲ ንኽድሕነና፤ ውሉድ ኣምላኽ'ውን ንኺገብረና ብፍቓዱ ውርደትን ሥቓያትን ኪቕበል ዝመረጸ እዩ። ስምዒት ጥራሕ ኣይኣክልን ተግባር የድሊ። ብመደብ-ኣምላኽ ሥቓይ ዘድኅን ዕላማ ከም ዘለዎ ብእምነት ክንርዳእ ንኽእል። ብተግባር እንተዘይተራእየን፤ ነቶም ዚሣቐዩ ንምርዳእ እንተዘይ ተንቀሳቐሰን መንግሥቲ እግዚኣብሔር ሕጅን ኣብዝን ንምሕናጽ ቅኑዕን ብቑዕን ዝኾነ እጃም ናብ ምብርካት እንተዘይተበገሰ፤ ንብዓት በይኑ ኣኻሊ ኣይኮነን።

**.......ብስቕታ ምስትንታን.........**

ለመስቀልከ ንሰግድ ኦ ሊቅነ፤ ወለትንሣኤከ ቅድስት ንሴብሕ ኵልነ ይእዜኒ ወዘልፈኒ።



**ጸሎት፦**

* ካብ ኣንስቲ ዝተባረኽኪ ኦ ቅድስት ማርያም! ወድኺ ኣብ ልዕሊ ሞት ኪዕወት ምኻኑ ብእምነት ዝተገንዘብኪዮ እዩ። ሥቓይ ኣብ መደብ ድኅነት ዘለዎ እጃም ንኽንርዳእ ሓግዝና። ምሳኺ ብምኻን እውን፤ ኦ ጐይታ መሓረና እናበልና ንጭርሕ፣ ኦ ጐይታ መሓረና!

* ምስ'ቶም ዚሣቐዩ ኣኀዋትናን ኣኃትናን ብሓቅን ብልብን ክንሣቐ ደኣ'ምበር፤ ብግዳማዊ ስምዒት ጥራሕ ርእስና ከይንጥብር፤ ምስኣቶም ዘሎና ናይ ግዜን ክእለትን ንብረትን ዓቕምና እውን ክንካፈሎ ኣኽእልና። ምሳኺ ብምኻን **ኦ ጐይታ መሓረና** እናበልና ንጭርሕ።

**መራሒ፣** ስብሓት ንኣብን ንወልድን ንመንፈስ ቅዱስን ይኹን።

መላሺ፣ ጥንቲ ከም ዝነበረ ሕጅን ንወትሩን ንዘለዓለም ዓለምን ኣሜን።

# ታሽዓይ ምዕራፍ
# ✟ ኢየሱስ ንሣልሳይ ግዜ ወደቐ

**መራሒ፣** ኦ ክርስቶስ ንሰግደልካን ነመስግነካን ኣሎና።

*መላሺ፣ ብዝተቐደሰ መስቀልካ ንዓለም ዘድሓንካ ንስኻ ኢኻ።*

**ንባብ ቅዱስ መጽሓፍ፦**


*"ንእግዚኣብሔር ኣምላኽኩም ፍርሑ፤ ነኣኡ ጥራሕ ኣገልግሉ፥ …ካልኦት ኣማልኽቲ ኣይተምልኹ።"* (ዘዳግ.6፣13-14)

**ኣስተንትኖ፦**

*ኢየሱስ ብዘሎ ኃይሉ ተጸንቂቑ ዝተረፎ የብሉን። ዓሌት-ሰብ ነቲ ፍቕሪ ዝዓዘዞ ናይ ኣቦኡ ዕድመ (መጸዋዕታ) ብምንጻጉ፤ ኢየሱስ ኣዝዩ ሥቓይ መረሮ። በዙ ሎሚ እዋን፣ ሰባት ብዘይካ ኣምላኽ ኪሓንጹን ኪተኣኻኸቡን ይርከቡ። ሓዲሽ ዓይነት ኣምልኾ ጣዖት ብምምዕባሉ፤ ብኹሉ ኣገባባት ንህላዌን ኃይልን ኣምላኽ ኣብ ምንጻግ ተበጺሑ ኣሎ። ነቲ ሰባት ዚውስኽዎን ዜብዝሕዎን፤ ዚውንንዎን ንግዜኡ ዘስተማቕርዎን፤ ነዚ ጥራሕ ዋጋን ግምትን ኪወሃቦ ይርከብ። በዚ ሕሙም ዓለም ዚምለኽሎም ዘለዉ ብመሬት ዝተሰርሑ ጣዖታት ምእንቲ ኪወድቁን ኪሰባበሩን፣ ኢየሱስ ንሣልሳይ ግዜኡ ወደቐ። ደጊሙ ኪትንሥእን ደው ኪብልን ከሎ ድማ፤ ወድሰብ ቅኑዕ ሕይወት፤ ብኽብርን ግርማን ኪነብር፤ ነቲ ሕያውን መሕየውን ዝኾነ እግዚኣብሔር ኣብ ወልድ መንፈስ ቅዱስ ብምምላኽ ንዚንበር ሕይወት ኪሕዝ ከምዘለዎ የመልክት።*

…….**ብስቕታ ምስትንታን**………

ለመስቀልከ ንሰግድ ኦ ሊቅነ፤ ወለትንሣኤከ ቅድስት ንሴብሕ ኵልነ ይእዜኒ ወዘልፈኒ።



**ጸሎትና**

* ኦ ፈጣሪ ሰማይን ምድርን ዝኾንካ ኣምላኽና፤ ብመንፈስ ቅዱስካ ገቢርካ ነዚ መዝመርታን መወዳእታን ዕላማኡን፤ ነቲ ምንጪ ደስታኡን ምፍላጥን ምልላይን ስኢኑ ዘሎ ናይ ዓለምና ዑረት ፈውስ፣ ኦ ጐይታ መሓረና!

* ኦ እግዚኣብሔር-ኣቦ ጩራ ምሕረትካ ኣብ ልዕሊ ኵሉ የብርህ። ነቶም ኵሎም ነኣኻ ሃሰስ ዚብሉ'ሞ ጋና ዘይረኽቡኻ ሓቅኻ ግለጸሎም። **ኦ ጐይታ መሓረና!**

**መራሒ፣** ስብሓት ንኣብን ንወልድን ንመንፈስ ቅዱስን ይኹን።

መላሺ፣ ጥንቲ ከም ዝነበረ ሕጂን ንወትሩን ንዘለዓለም ዓለምን ኣሜን።

# ዓሰራይ ምዕራፍ
# ✟ ኢየሱስ ልብሱ ተገፊፉ ዕራቑ ወጽአ

**መራሒ፣** ኦ ክርስቶስ ንሰግደልካን ነመስግነካን ኣሎና።

**መላሺ፣** ብዝተቐደሰ መስቀልካ ንዓለም ዘድሓንካ ንስኻ ኢኻ።

**ንባብ ቅዱስ መጽሓፍ፦**

ሽዑ ሰቐልዎ፤ በብጽሒቶም ምእንቲ ኪፈልጡ ከኣ፤ ነቲ ክዳውንቱ ዕጫ ኣውዲቖም ተኻፈልዎ። (ሉቃ.15፣24 ረአ)

**ኣስተንትኖ፦**

ክዳኑ ገፊፎም ዕራቑ ኣውጽእዎ፤ ነቲ ክዳውንቱ ድማ ዕጫ ኣውደቑሉ። ኣብ ልዕል'ቲ ኡንኮ ወዲ-ኣምላኽ ዝተፈጸመ ናይ ውርደት ተግባር እዩ። እዚ ውርደተይና ኣገባብ'ዚ ነቲ ኹሉ ሰብኣዊ ኣካል ኣብ'ዚ ዓለም ዝተቐበሎ ውርደትን ኀፍረትን የጠቓልል፥ ዘርኢ ንምጽናት ሰባት ዝተዳጐኑሉ፤ ኣብ'ቲ ናይ ጥፍኣት ቦታታት ዝተኸመረ ሬሳታት፤ ኣብ ማሕፀን ከለዉ ዕጫ-ሞት ዝተፈርዶም ዕሸላት፤ ግብረሽበራን ጭካነን ዚፍጸመሉ ውግኣትን፤ ንኽብረ-ሰብ ዜዋርድ ነውራም ተግባራትን፣ ኣብ ልዕሊ ዝኣረጉ ዚፍጸም ኵነታትን፣ እዚ ኹሉ ኣብ'ቲ ውርደት-ክርስቶስ ክቱት እዩ። ተጻይ'ቲ ንጹሕን ቅኑዕን ብዚፍጸም ኃጢኣት ኢየሱስ ብስቱርን ብስቕታን ኪኸሕስ ይርከብ። ናይ'ቶም ኣብ ሥቓይ ዘለዉ ነፍስወከፍ ቈልዓ-ሰበይቲ ጾሮም ኢየሱስ ኣብ እንግድዓኡ ይሸከሞ። ንግዙፍ ኣካላትና ብኽብርን ብሥነስርዓትን ክንሕሉን ክንሓልን፤ ነፍስወከፍ ሰብ'ውን ብፍጥረቱ ክቡር፤ ሕያው መቕደስ መንፈስቅዱስ ምዃኑ ክንእመንን ክንቅበልን ዘገድደና እዩ።

**.......ብስቕታ ምስትንታን.........**

ለመስቀልከ ንሰግድ ኦ ሊቅነ፤ ወለትንሣኤከ ቅድስት ንሴብሕ ኵልነ ይእዜኒ ወዘልፈኒ።



**ጸሎት፦**

* ኦ መምህርና! እቶም ንጹሓት ልቢ ብፁዓን (ሕጉሳት) እዮም ክትብል ብወግዒ ምሂርካ። ንዘለዓለም ገጽካ ተኾርና ምእንቲ ክንርኢ ጸጋ ንጽሕና ዓድለና። ኦ ጐይታ መሓረና!

* ኦ ኢየሱስ ወዲ ድንግል ማርያም፤ ኃጢኣትና ይቕረ በለልና። ነቶም ክብሮም ዝተጋህሱ ወገናት'ውን ራኅርኃሎም፥ ኣጸናንዓዮም፤ ውሽጣዊ ሰላም'ውን ዓድሎም፣ **ኦ ጐይታ መሓረና!**

**መራሒ፣** ስብሓት ንኣብን ንወልድን ንመንፈስ ቅዱስን ይኹን።

መላሺ፣ ጥንቲ ከም ዝነበረ ሕጅን ንወትሩን ንዘለዓለም ዓለምን ኣሜን።

# መበል ዓሠርተ ሓደ ምዕራፍ
# ✟ ኢየሱስ ኣብ መስቀል ተሸንከረ

***መራሒ፣*** *ኦ ክርስቶስ ንሰግደልካን ነመስግነካን ኣሎና።*

*መላሺ፣ ብዝተቐደሰ መስቀልካ ንዓለም ዘድሓንካ ንስኻ ኢኻ።*

**ንባብ ቅዱስ መጽሓፍ፦**


***ቀራንዮ ኣብ እትበሃል ሥፍራ ምስበጽሑ ኣብኣ ሰቐልዎ፥-ኢየሱስ ድማ "ኦ ኣቦይ ዚገብርዎ ኣይፈልጡን'ዮም እሞ ኀደገሎም" በለ።*** (ሉቃ.23፣33-34 ረአ)

**ኣስተንትኖ፦**

***እቲ መሣምር ነቲ ግዙፍ ሥጋኡ እዩ ዝወግኦ። ገሊኣቶም ካብ'ቶም ወተሃደር ነቲ መስቀሉ ሓፍ ኣቢሎም ተኽልዎ። እቲ ትኽሎኡ ንሰማይን ምድርን ዘራኽብ እዩ። እቲ ቀላጽሙ ዝተዘርግሓሉ ናይ ግድሚ ዕንፀይቲ፤ ካብ ምብራቕ ናብ ምዕራብ ኣብ ልዕል'ዚ ዓለም ዚዝርጋሕ ምኺኑ የርኢ። በዚ ከኣ ኢየሱስ ንመላእ ፍጥረት ንሕዝብታት ኵሉ እዋናት ከም ዚሓቁፍ የመልክት። በቲ ናይ ጽልኢ ኃጢኣት ልቡ ኣዝዩ ይቑስል። ገሊኦም ሓለፍቲ መንገዲ ተላገጹሉ፥ ንሱ ግን ብኽምኡ ኣይመለሸን። እዚ በጊዕ-ኣምላኽ ንኹሉ ዚጸውርን ዚኸከምን ኮነ። ነዞም ቀተልቲ ኮነ፣ ንኹሎም'ቶም ኣይውዑያት ኣይዝሑላት መንጎ መንጎ ዝኾኑ የማልደሎም፥ "ዚገብርዎ ኣይፈልጡን እዮም'ሞ ኀደገሎም" ኪብል ናብ ኣቦኡ ይጽልየሎም። "ኣቦና ኣብ ሰማያት እትነብር" ኣብ ዚብል ጸሎት ንዝመሃረና፦ "ንዝበደሉና ይቕረ ከምንብል፣ ነኣና'ውን ይቕረ በለልና" ንዚብል ብተግባር ኪነብሮ ይርከብ።***

***.......ብስቕታ ምስትንታን.........***

***ለመስቀልከ ንሰግድ ኦ ሊቅነ፤ ወለትንሣኤከ ቅድስት ንሴብሕ ኵልነ ይእዜኒ ወዘልፈኒ።***



**ጸሎትና**

* ኦ መንፈስ ቅዱስ ኣብ መንጎ ሕዝብታትን ዓሌታትን፥ ኣብ መንጎ ሃገራትን ስድራቤታትን፥ ኣብ ቦታ ስራሓትን ብዚወርድ ናይ ፍልልይ ቍስሊ ንዚሣቐ ልብታት ፈውስ። ምሕረትን ይቕረታን ንኪረኽቡ፤ ብወገኖም'ውን ምሕረት ንኪገብሩ ጸጋኻ ዓድሎም። ኦ ጐይታና መሓረና።
* ናይ ተመሃርቱ (ተኸተልቱ) ሓድነት ናይ ዚደሊ ወልደ ኣምላኽ መንፈስ ዝኾንካ መንፈስ ቅዱስ፤ ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ክርስትያን ቅኑዕ ኅብረትን ሱታፌን ንምምጻእ ንዚግበር ጻዕርታት ኵሉ ባርኾ። **ኦ ጐይታና መሓረና**!

**መራሒ፣** ስብሓት ንኣብን ንወልድን ንመንፈስ ቅዱስን ይኹን።

መላሺ፣ ጥንቲ ከም ዝነበረ ሕጂን ንወትሩን ንዘለዓለም ዓለምን ኣሜን።

# መበል ዓሠርተ ክልተ ምዕራፍ
# ✞ ኢየሱስ ኣብ መስቀል ሞተ

**መራሒ፣** ኦ ክርስቶስ ንሰግደልካን ነመስግነካን ኣሎና።

**መላሺ፣** ብዝተቐደሰ መስቀልካ ንዓለም ዘድሓንካ ንስኻ ኢኻ።

**ንባብ ቅዱስ መጽሓፍ፦**

ኢየሱስ ብዓቢይ ድምጺ…"ኣምላኸይ! ኣምላኸይ! ንምንታይ ሓደግካኒ" … (ማር.15፣34 ረአ)፤ ኦ ኣቦይ! ንነፍሰይ ኣብ ኢድካ ኣማዕቊባ ኣሎኹ" ኢሉ ጨረሐ። (ሉቃ.23፣46 ረአ)

**ኣስተንትኖ፦**

ደም ክርስቶስ ሰትዩ ዝጠለለ ንቑጽ ዕንፀይቲ-መስቀል፣ ናይ ዓወት ኦም-ሕይወት ንምኳን በቒዑ። ነቲ ኩሉ ናይ ደቅሰብ ጸገምን ጸበባን ኢየሱስ ብፍቓዱ ተቐበሎ፣ ጸወሮ። እግዚኣብሔር እቲ ዜፍቅሮ ኣቦኡ እውን ዝሓደጎ ኮይኑ ተሰምዖ። እንተኾነ በዚ ፈጺሙ ዝተሓድገ ኮይኑ ዝተሰመዖ እዋን፤ ብምሉእ ምትእምማን ኣብ ኢድ ኣቦኡ ኪምዕቈብ ይስማዕ። ምእንትʼዚ ከኣ ነቲ ረጒድ መጋረጃ ዘይምትእምማን ኣብ ክልተ ተርበዖ። ማርያም ድማ ነቕ ከይበለት ኣብ እግሪ መስቀል ትረአ። ምስኣን ኣብኣን ከኣ መላእ ቤተክርስትያን ደው ኢላ ትረአ። ቅዱስ ዮሓንስ፤ ከም መጠን ካህንን ኣቡንን፣ ኣብ ክንድ ኩሎም እቶም ሥጋኡ ዚፍትቱን ደሙ ዚቐድሑን፣ ጸጋ-ንስሓ ዚዕድሉን ካህናት ኮይኑ ኣብ እግሪ መስቀል ነበረ። እግዝእትነ ማርያምን፣ ቅዱስ ዮሓንስን እምበኣር እቶም ወተሃደራት "ንዝወግኡዎ" (ዮሓ.19፣37) ይጥምቱ ነበሩ። ናይ ድኅነት ደምን ማይን የፈልፍል ንዝነበረ ቊስሉ ጠመቱ።

**…….ብሽቕታ ምስትንታን………**

ለመስቀልከ ንሰግድ ኦ ሊቅነ፤ ወለትንሣኤከ ቅድስት ንሴብሕ ኵልነ ይእዜኒ ወዘልፈኒ።



## ጸሎትና

* ኦ ቅድስት ማርያም! ኣዴና ምእንቲ ክትኮኒ ወድኺ ንቤተ ክርስትያን ዝሃባ ኢኺ። ብመንፅር'ዚ ናይ ክርስቶስ ድኅነታዊ ሞቱ ወትሩ መንፈስ ምድናቕን ምግራምን፤ መንፈስ ምስጋናን ከይነጥፍእ ሓግዝና። ምሳኺ ኮይንና ኦ ጐይታ መሓረና እናበልና ንልምን።

* ማርያም ንግሥተ ሓዋርያት፣ ምእንቲ ኣቦና ርእሰ ሊቃነጳጳሳትን ኣቡናትን፤ ካህናትን ዲያቆናትን ክትጽልዪ ንልምነኪ። ናይ ሕዝቢ እግዚኣብሔር ቅዱሳን ጓሶት ኪኾኑ ሓግዝዮም፣ ምሳኺ ብምዃን፤ ኦ ጐይታ መሓረና ንብል። **ኦ ጐይታና መሓረና**!

**መራሒ፣** ስብሓት ንኣብን ንወልድን ንመንፈስ ቅዱስን ይኹን።

መላሺ፣ ጥንቲ ከም ዝነበረ ሕጂን ንወትሩን ንዘለዓለም ዓለምን ኣሜን።

# መበል ዓሠርተ ሠለስተ ምዕራፍ

## ✟ እግዝእትነ ማርያም ንኢየሱስ ኣብ ሑቕፋ ተቐበለቶ

**መራሒ፣** ኦ ክርስቶስ ንሰግደልካን ነመስግነካን ኣሎና።

መላሺ፣ ብዝተቐደሰ መስቀልካ ንዓለም ዘድሓንካ ንስኻ ኢኻ።

**ንባብ ቅዱስ መጽሓፍ፦**


ዮሴፍ በዓል ኣርማትያስ...ወደ መዝሙር ኢየሱስ ዝነበረ፤ ሥጋ-ኢየሱስ ኪወስድ ንጲላጦስ ለመኖ። ጲላጦስ ከኣ ፈቐደሉ። ስለ'ዚ ኸይዱ ንሥጋ ኢየሱስ ወሰዶ። (ዮሓ.19፣38 ረአ)

**ኣስተንትኖ፦**

ንሥጋ ኢየሱስ ኣብ ሑቕፎ እግዝእትነ ማርያም ኣንበርዎ። ሓደ እዋን ድንግል ማርያም ነቲ በኾሪ ወዳ ብኸመይ ዝበለ ታሕጓስ ሓቑፊቶ! ሕጂ ግና ነቲ ኣዕይንቱ እናዓመተት፤ ኣቑሳሉ እናደረዘት ሓዘቶ። እቲ ሥጋ ዝለበሰ ቃል-ኣምላኽ ነቲ ናይ ሰብኣዊ ሕይወቱ ጕዕዞ ክሳብ መወዳእታ ብዚግባእ ፈጺምዎ። ኣብ ፈለማ ምድራዊ ሕይወቱ፣ ኣብ ስድራ ዮሴፍ ጸራቢ ተወልደ፤ ሕጂ ድማ ኣብ መወዳእታ ሓድሽ ስድራቤት ኣለዎ፤ ማለት ምስ ኣዲኡ ኮይኖም ኣብ ጐድኑ ደው ዝበሉ ውሑዳትን እሙናትን ነፍሳት ኵሎም ስድራ ቤቱ እዮም። ነኣኣቶም እቲ ቅዱስ ሥጋኡ (ሬሳኡ) ኣዝዩ ክቡር ሃብትን በረኸትን እዩ። እንተኾነ፣ ናይ'ቲ ጓሳ ሞት ነተን መጓሰ ከስደምመን፣ ነተን ዝተረፋ ኣባጊዕ'ውን ኪብትነን ተረኺቡ። እቲ ንሱ ዝኣወጀ መንግሥቲ-እግዚኣብሔር ዘይፍጸም ሕልሚ ኮይኑ ይረአ ይኸውን። ማርያም ግን ምስ'ቲ ኹሉ መሰናኽላት፤ ሞት ናይ መወዳእታ ቃል ወይ ውሳኔ ከምዘይኮነት ኣረጋጊጻ ነበረት።

.......**ብስቕታ ምስትንታን**.........

ለመስቀልከ ንሰግድ ኦ ሊቅነ፤ ወለትንሣኤከ ቅድስት ንሴብሕ ኵልነ ይእዜኒ ወዘልፈኒ።



**ጸሎትና**

*   ኦ እግዚኣብሔር-ኣቦ! እምነት ወስኸልና፥ ኣዝዩ ከምዚብርትዕ እውን ግበረልና። ኩሉ ነገር ነቲ ምሥጢራዊ መደብ ፍቕርኻ ዚፃረር መሲሉ'ኳ እንተተራእየ እምነትና ኣደልድለና። ኦ ጐይታ መሓረና!

* ንኸሎን ስድራቤታት ባርኽ፤ ፍቕሪ ናይ ዝዓዘዞ ሰብኣዊ ኅብረትን ሓድነትን ቤትትምህርቲ ግበረን። ንስድራቤት ብቑዕን ግቡእን ሓለዋን ሓልዮን ምእንቲ ኪገብሩ ንመራሕትናን ኣመሓደርትናን ኣብረሃሎም። **ኦ ጐይታ መሓረና**!

**መራሒ፣** ስብሓት ንኣብን ንወልድን ንመንፈስ ቅዱስን ይኹን።

መላሺ፣ ጥንቲ ከም ዝነበረ ሕጂን ንወትሩን ንዘለዓለም ዓለምን ኣሜን።

# መበል ዓሠርተ ኣርባዕተ ምዕራፍ

# ✟ ኢየሱስ ተቐብረ

**መራሒ፣ ኦ ክርስቶስ ንሰግደልካን ነመስግነካን ኣሎና።**

**መላሺ፣ ብዝተቐደሰ መስቀልካ ንዓለም ዘድሓንካ ንስኻ ኢኻ።**

## ንባብ ቅዱስ መጽሓፍ፦


**ዮሴፍ ድማ ነቲ ሥጋ-ኢየሱስ ወሲዱ ብጽሩይ፣ በፍታ ገነዞ። ኣብ ከውሒ ኣብ ዘውቀሮ፣ ናይ ባዕሉ ሓዲሽ መቓብር'ውን ኣንበሮ።ሓደ ዓቢይ እምኒ ኣንኰራርዩ ከኣ ነቲ ኣፍ መቓብር ዓጽይዎ ከደ።** (ማቴ.27፣59-60 ረአ)

## ኣስተንትኖ፦

**"ብዘይካ ብኃጢኣት፣ ክርስቶስ ብኹሉ ነኣና መሲሉ"** (ዕብ.4፣15 ረአ)**። በሓቂ'ውን ሞይቱ እዩ። በቲ ዕለተ ቀዳም ሥጋኡ ኣዕሪፉ፣ ካብ ነፍሱ ተፈልዩ ናብ መቓብር ወሪዱ። ብዓይኒሰብ ኪረአ ከሎ፤ ሕይወት-ክርስቶስ ብዓወት ዘይተዛዘመ ሕይወት ይመስል። እታ ኣካል-ክርስቶስ ዝኾነት ቤተክርስትያን እውን ኣብ ታሪኻ ብዙሕ ግዜ ብተመሳሳሊ ኣገባብ ሞይታ ዝተባህለላ፤ ሞታ'ውን ብወግዒ ዝተነግረላ እያ። እንተኾነ እዚ ኣካሉ ከም'ታ ኣብ ምድሪ ዝወደቐት ፍረ ስርናይ ስለዝኾነ፤ ደጊሙ መለኮታዊ ፍረ ዚፈሪ፣ ንኹሎም ሰባት እውን ናብ ትንሣኤ ዜብጽሕ እዩ። ኣብ'ቲ ናይ መቓብር ጸልማት እምበኣር ብሩህ ሽምዓ ክብሪ-ትንሣኤ ኪበርህ ተሰናድዩ እዩ ዘሎ።**

**.......ብስቕታ ምስትንታን.........**

**ለመስቀልከ ንሰግድ ኦ ሊቅነ፤ ወለትንሣኤከ ቅድስት ንሴብሕ ኵልነ ይእዜኒ ወዘልፈኒ።**



**ጸሎትና**

* ኦ ኢየሱስ ጐይታ! ብጥምቀት ኣብ ሞትካን ትንሣኤኻን ኀቢርና ኢና። ኣብ'ቲ ዓወትካ ርጉጽ እምነት ንኺህልወና ጸጋ ዓድለና። ኦ ጐይታና መሓረና!

* ኦ ሕያዋይ ጓሳ! ኣብ'ቲ ትስደደሉን ትጭቈነሉን ንእምነት ቤተክርስትያን ኣበርትዕ፤ ብተስፋ ከምትሕጐስ'ውን ግበራ። **ኦ ጐይታና መሓረና**!

**መራሒ፣** ስብሓት ንኣብን ንወልድን ንመንፈስ ቅዱስን ይኹን።

መላሺ፣ ጥንቲ ከም ዝነበረ ሕጅን ንወትሩን ንዘለዓለም ዓለምን ኣሜን።

# መበል ዓሠርተ ሓሙሽተ ምዕራፍ
# ✟ ኢየሱስ ካብ ሞት ተንሦአ

**መራሒ፣** ኦ ክርስቶስ ንሰግደልካን ነመስግነካን ኣሎና።

**መላሺ፣** ብዝተቐደሰ መስቀልካ ንዓለም ዘድሓንካ ንስኻ ኢኻ።

## ንባብ ቅዱስ መጽሓፍ፦

ንምንታይከ ነቲ ሕያው ምስ ምዉታት ትደልይዎ፤ ንሱስ ተንሢኡ እዩ ኣብ'ዚ የሎን። (ሉቃ.24፣5-6 ረአ)

## ኣስተንትኖ፦

እተን ቅዱሳት ኣንስቲ ጥራሑ ዝነበረ መቓብር'የን ዝረኸባ። ቶማስ ከኣ ኣብ'ቲ ዝተወግአ ጐድኒ-ጐይታ ኢዱ ኪመልስ ተፈቒደሉ። ክርስቶስ ወዲ እግዚኣብሔር በሓቂ ተንሢኡ እዩ። "ብስራሕ መንፈስ ቅዱስ" ኃይሊ እግዚኣብሔር-ኣቦ "ነቲ ዝሞተ ሰብኣዊ ባሕርይ ክርስቶስ" ሕይወት ሂቡዎ (መዝገበ ሃይማኖት ካቶ.ቤ.ክ.648)። ብዘይካ'ዚ ትንሣኤኡ እምነትና "ንኽንቱ" ምኾነ። (1ቆሮ.15፣14) ክርስቶስ ድማ በዚ ኣብ ልዕሊ ሞት ዝጨበጦ ዓወቱ፤ ሕያው ኣምላኽ ምዃኑ ገሊጹ፤ ነኣና'ውን ውሉድ'ቲ ኣቦ ገቢሩ ምስ ርእሱ የወሃህደና፥ በሓቂ'ውን ኃውና ኮይኑ። ብዓወት-ትንሣኤኡ ናትና ትንሣኤ'ውን ከምዚጭበጥ ገይሩ፤ ስለ'ዚ ካብ ሕጂ ንደሓር ኣብ ሕይወት ቅድስት ሥላሴ ክንነብር ዝተዓደልና ኢና። ናይ'ታ መንግሥቱ ዓወትን ስፍሓትን ድሮ ጀሚሩ ይርከብ።

**.......ብስኽታ ምስትንታን.........**

**ለመስቀልከ ንሰግድ ኦ ሊቅነ፤ ወለትንሣኤከ ቅድስት ንሴብሕ ኵልነ ይእዜኒ ወዘልፈኒ።**



**ጸሎትና**

* ኦ! ወሃብ-ሕይወት ዝኾንካ መንፈስ ቅዱስ ብኢየሱስ ኣተንሠኣና። ሕጂ ካብ ኃጢኣት ሓልወና፤ እዚ ሥጋና ምስ ሞተ ድማ ናብ ምልኣት-ሕይወት ኣንቅሓና። ኦ ጐይታ መሓረና!

* ኦ መጸናንዒ መንፈስ ቅዱስ፤ ነቲ ናይ ሰላም ነባር መንግሥቲ-ኣምላኽ፤ ኣብ'ዚ ምድር'ዚ ብፍትሕን ሓቅን ፍቕርን ንምሕናጽ ምእንቲ ክንተሓጋገዝ ኣበርትዓና። **ኦ ጐይታ መሓረና!**

**መራሒ፣** ስብሓት ንኣብን ንወልድን ንመንፈስ ቅዱስን ይኹን።

መላሺ፣ ጥንቲ ከም ዝነበረ ሕጅን ንወትሩን ንዘለዓለም ዓለምን ኣሜን።

## (ትእምርተ መስቀል እናገበርካ)

## ✝ በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሓዱ ኣምላክ ኣሜን።

### ጸሎተ ሃይማኖት

ጸሎተ ሃይማኖት ሓዋርያት ዝደረስዎ፤ ኣኣምን እግዚኣብሔር ኣቦ፥ ኵሉ ዚኽእል ሰማይን ምድርን ዝፈጠረ፤ ብኢየሱስ ክርስቶስ ሓደ ወዱ፣ ጐይታና፤ ንሱ ብመንፈስ ቅዱስ ተፀንሰ፤ ካብ ድንግል ማርያም ተወልደ፤ ተሳቐየ፤ ኣብ ትሕቲ ሥልጣኑ ንጲላጦስ ጴንጤናዊ ተሰቕለ፣ ሞተ፤ ተቐብረ፤ ናብ ሲኦል ወረደ፤ ብሣልሳይ መዓልቲ እንካብ ሞት ተንሥአ፤ ናብ ሰማይ ዓረገ፤ ኣብ የማንቲ ኵሉ ዚኽእል እግዚኣብሔር-ኣቦ ተቐመጠ፤ ድኃር'ውን ንዘለዉን ንዝሞቱን ኪፈርድ ይመጽእ።

ኣኣምን ብመንፈስ ቅዱስ፣ ብቕድስቲ ቤተክርስትያን ካቶሊካዊት፤ ናይ ቅዱሳን ሱታፌ፤ ናይ ኃጢኣት ሥሬት፤ ናይ ሙታን ትንሣኤ፤ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ኣሜን።

### ኣቡነ ዘበሰማያት

ኣቡነ ዘበሰማያት ይትቀደስ ስምከ፤ ትምጻእ መንግሥትከ፤ ወይኩን ፈቃድከ፤ በከመ በሰማይ ከማሁ በምድር። ሲሳየነ ዘለለዕለትነ ሀበነ ዮም ኅድግ ለነ ኣበሳነ ወጌጋየነ፤ ከመ ንሕነኒ ነኀድግ ለዘኣበሰ ለነ፤ ኢታብኣነ እግዚኦ ውስተ መንሱት፤ ኣላ ኣድኅነነ ወባልሓነ እምኵሉ እኩይ፤ እስመ ዚኣከ ይእቲ መንግሥት ኃይል ወስብሓት ለዓለመ ዓለም ኣሜን።

### ሰላመ ገብርኤል መልኣክ

***ኦ እግዝእትነ ማርያም፤*** ሰላም ለኪ ድንግል በኅሊናኪ ወድንግል በሥጋኪ፤ እመ እግዚኣብሔር ፀባዖት ሰላም ለኪ፤ ቡርክት ኣንቲ እም ኣንስት ወቡሩክ ፍሬ ከርሥኪ።

***ተፈሥሒ ፍሥሕት ኦ ማርያም*** ምልእተ ፀጋ እግዚኣብሔር ምስለኪ፤ ሰኣሊ ወጸልዪ ኀበ ፍቁር ወልድኪ ኢየሱስ ክርስቶስ ከመ ይሥረይ ለነ ኃጣውኢነ ይእዜ ወበግዜ ሞትነ ኣሜን።

***ኦ ማርያም ዘተፀነስኪ*** እንበለ ይብጻሕ ብኪ ኃጢኣት ኣዳም፤ ሰኣሊ ለነ እንዘ ንጸንዕ ብኪ፤ ስብሓት ለኣብ ስብሓት ለወልድ ስብሓት ለመንፈስ ቅዱስ ኩሎ ግዜ ለዓለም ወለዓለመ ዓለም ኣሜን።

## ኣቦና ኣብ ሰማያት እትነብር

ኣቦና ኣብ ሰማያት እትነብር፤ ስምካ ይቀደስ፤ መንግሥትኻ ትምጻእ፤ ፍቓድካ ኣብ ሰማይ ከምዚኸውን ከምኡ'ውን ኣብ ምድሪ ይኹን። መግቢ ዕለትና ሎሚ ሃበና፤ ንዝበደሉና ይቕረ ከም እንብል ዝበደልናካ ይቕረ በለልና፤ ናብ ፈተና ኣይተእትወና እንካብ ክፉእ ሰውረና፤ ከመይ መንግሥትን ኃይልን ክብርን ናትካ እዩ፤ ንዘለዓለም ዓለም ኣሜን።

## ሰላመ ገብርኤል መልኣኽ፤

ሰላም ነኣኺ ኦ ማርያም፤ ፀጋ ዝመልኣኪ እግዚኣብሔር ምሳኺ እዩ፤ እንካብ ኣንስቲ ዝተባረኽኪ ኢኺ፤ ናይ ከርሥኺ ፍረ ኢየሱስ ከኣ ዝተባረኸ እዩ። ኦ ቅድስት ማርያም ኣደ ኣምላኽ፤ ለምንልና ንኣና ንኃጥኣን ሕጅን ብግዜ ሞትናን ኣሜን።


**ስብሓት ንኣብን ንወልድን ንመንፈስ ቅዱስን፤** ጥንቲ ከም ዝነበረ ሕጂ ከኣ ንወትሩን ንዘለዓለም ዓለምን ኣሜን።

1 ኣቡነ ዘበሰማያት፣……(ኣቦና ኣብ ሰማያት…….)

3 ሰላመ ገብርኤል፣……(ሰላም ነኣኺ ኦ ማርያም….)

1 ኦ ማርያም ዘተፀነስኪ፣…..(ስብሓት ንኣብን…)

**✝ ኦ ኢየሱሰይ ንበደላትና ይቕረ በለልና፣ ካብ ሓዊ ገሃነም ሰውረና፤ ንኹለን ነፍሳት፤ ብፍላይ ምሕረትካ ዘድልየን ንሰማይ ውሰደን።**



## ሰኑይን ቀዳምን ዚድገም

## ናይ ደስታ ምሥጢር

### 1ይ መልኣኽ እግዚኣብሔር ንድንግል ማርያም ከምዘበሠራ የተሓሳስበና።

"...ገብርኤል መልኣኽ ናብ ናዝሬት...ናብ ሓንቲ ድንግል ብኣምላኽ ተላእከ... ስም እታ ድንግል ከኣ ማርያም እዩ። ..ናብ'ቲ ንሳ ዝነበረቶ ኣትዩ፤ "ሰላም ነኣኺ ኦ! ምልእተ ጸጋ፤ እግዚኣብሔር ምሳኺ እዩ፤ እንካብ ኣንስቲ ዝተባረኽኪ ኢኺ" በላ። (ሉቃ.1፣26-28)

**ቱ ኦ ኢየሱሰይ ንበደላትና ይቕረ በለልና፣ ካብ ሓዊ ገሃነም ሰውረና፤ ንኹለን ነፍሳት፤ ብፍላይ ምሕረትካ ዘድልየን ንሰማይ ውሰደን።**

1 ኣቡነ ዘበሰማያት፤ 10 ሰላመ ገብርኤል...1፣ ኦ ማርያም ዘተጸነስኪ..

### 2ይ ቅድስት ድንግል ማርያም፣ ንቅድስቲ ኤልሳቤጥ ክትበጽሓ ከም ዝኸደት የተሓሳስበና።

"ማርያም ንመገሻ ነቐለት....ናብ ይሁዳ... ደየበት፤ ናብ ቤት ዘካርያስ ኣትያ ከኣ ንኤልሳቤጥ ሰላም በለታ፤ ኤልሳቤጥ ቃል-ሰላምታ ማርያም ምስሰምዐት፤ እቲ ሕፃን ኣብ ከርሣ ተሰራሰረ፤ ንኤልሳቤጥ ድማ መንፈስ ቅዱስ መልኣ።" (ሉቃ.1፣39-41)

### 3ይ መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ፤ ኣብ ቤተልሔም ከምዝተወልደ የተሓሳስበና፤

"ዮሴፍ ድማ ካብ ቤትዳዊትን ካብ ዓሌቱን ስለዝነበረ፤ ካብ ገሊላ ካብ ከተማ ናዝሬት፣ ምስ'ታ ጽንስቲ ዝነበረት ማርያም ሕጽይቱ፣ ናብ... ቤተልሔም..... ከተማ-ዳዊት ኪጸሓፍ ደየበ፤ ኣብኡ ከለዉ ድማ ግዜ ሕርሳ በጽሐ፤ ቦኽሪ ወዳ ወለደት፤ በጭርቕቲ'ውን ጠቕለለቶ፤ ኣብ'ቲ መሕደር-ኣጋይሽ ስፍራ ስለዘይነበሮም ከኣ፣ ኣብ መብልዕ ማል ኣደቀሰቶ።" (ሉቃ.2፣4)

### 4ይ ድንግል ማርያም ንመድኃኒና ክርስቶስ፤ ናብ ቤተመቕደስ ከም ዘወፈየቶ የተሓሳስበና።

"ዮሴፍን ማርያምን ከም ልማድ ሕጊ ኪገብሩ ንኢየሱስ ሕፃን ናብ ቤተ መቅደስ ኣእተዉዎ፤ ስምዖን ብመንፈስ ቅዱስ ናብኡ መጽአ፤...ኣብ ሑቝፉ ተቐቢሉ ንኣምላኽ ኣመስገኖ።" (ሉቃ.2፣27-28)

**5ይ መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ፤ ኣብ 12 ዓመቱ ኣብ ቤተመቅደስ ከም ዝተረፈ፤ ማርያምን ዮሴፍን ተጨኒቖም ከምዝደለዩዎ፤ ምስ ረኸቡዎ ከኣ ብዙኅ ከምዝተሓጎሱ የተሓሳስበና።**

"ኢየሱስ ወዲ 12 ዓመት ምስ ኮነ፤...በዓል ከኽብሩ ንኢየሩሳሌም ደየቡ። ..ኪምለሱ ከለዉ ኢየሱስ ኣብኡ ተረፈ፤...ምስ ሰኣንዎ እናደለዩዎ ንኢየሩሳሌም ተመልሱ።...ኣብ ማእከል ሊቃውን...ምስረኣዩዎ ገረሞም።" (ሉቃ.22፣42-48)

## ኃሙስ ዚድገም

## ናይ ብርሃን ምሥጢር

**1ይ መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ፤ ኣብ ሩባ ዮርዳኖስ ከም ዝተጠመቐ የተሓሳስበና።**

"ኢየሱስ ምስ ተጠምቀ ብኡብኡ ካብ ማይ ወጽአ፤ እነሆ ኸኣ ሰማያት ተኸፍተ፤ መንፈስ ኣምላኽ ድማ ከም ርግቢ ኣብ ርእሱ ኪዓልብ ረኣየ"። (ማቴ.3፣16)

**2ይ መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ፤ ኣብ ቃና ናይ ገሊላ ኣብ ዝተገብረ መርዓ ተኣምራቱ ከምዝጀመረ የተሓሳስበና።**

"ኣዲኡ ከኣ ነቶም ተዓጠቕቲ፤ ንሱ ዚብለኩም ኩሉ ግበሩ፤ በለቶም"። (ዮሓ.2፣5)

**3ይ መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ፤ ተነሥሑ ኣብ ወንጌል'ውን እመኑ ብምባል መንግሥቲ-ኣምላኽ ከምዘበሠረ የተሓሳስበና።**

"እቲ እዋን በጺሑ እዩ፤ መንግሥቲ ኣምላኽ ቀሪባ እያ'ሞ ተነሥሑ፤ ብወንጌል'ውን እመኑ"። (ማርር.1፣15)

**4ይ መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ፤ ኣብ ደብረ ታቦት ትርኢቱ ተለዊጡ ከምዘንጸባረቐ የተሓሳስበና።**

"ካብ'ቲ ደመና፤ እቲ ዝሓረኹዎ ወደይ እዚ እዩ፤ ነኣኡ ስምዕዎ" ዚብል ድምጺ ወጽአ። (ሉቃ.9፣35)

**5ይ መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ፤ ምሥቲረ ቅዱስ ቍርባን ከምዝሠርዐ የተሓሳስበና።**

"እንጌራ ኣልዒሉ፣ ኣመስጊኑ ቈሪሱ፤ እዚ ምእንታኹም ዚወሃብ ዘሎ ሥጋይ እዩ፥ ...ነቲ ጽዋዕ ኣልዒሉ "እዚ ጽዋዕ'ዚ ምእንታኹም ብዚፈስስ ደመይ ዝተገብረ ሓድሽ ኪዳን..." በለ። (ሉቃ.22፣19-22)

## ሠሉስን ዓርብን ዚድገም

## ናይ ሕማም (ሥቓያት) ምሥጢር

**1ይ መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ፤ ኣብ ጌተሰማኒ ብጸሎት ደም ከምዝረሃጸ የተሓሳስበና።**

"ቍሩብ ርሕቕ ኢሉ ብገጹ ተደፊኡ ጸለየ፤ ኦ! ኣቦይ እዚ ዚከኣል እንተኾይኑስ እዛ ናይ መከራ ጽዋዕ ካባይ ትሕለፍ፤ እንተኾነ ከም ፍቓድካ ደኣ'ምበር ከም ፍቓደይ ኣይኹን በለ"። (ማቴ.26፣39-)

**2ይ መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ፣ ብዘይምሕረት ከምዝተገርፈ የተሓሳስበና።**

"ጲላጦስ ከኣ ነቶም ሕዝቢ ከሓጕሶም ስለዝመደበ ...ንኢየሱስ ኪሰቕልዎ ገሪፉ ሃቦም"። (ማር.15፣15)

**3ይ መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ፣ ኣኽሊል-እሾኽ ከምዝደፍኡሉ የተሓሳስበና።**

"ክዳኑ ገፊፎም ቀይሕ ባርኖስ ከደንዎ፤ ካብ እሾኽ ከኣ ኣኽሊል ተቲዖም ኣብ ርእሱ ደፍኡሉ"። (ማቴ.27፣28)

**4ይ መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ፤ ንሞት ከምዝተፈርደ የተሓሳስበና።**

"ኪስቀል ለመኑዎ...ጲላጦስ ድማ ለመናኦም ኪፍጸመሎም ፈረደ፣...ከም ድላዮም ኪገብሩዎ ኣሕሊፉ ሃቦም"። (ሉቃ.23፣23-25)

**5ይ መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ፤ ኣብ ዕንፀይቲ መስቀል ተሸንኪሩ ከምዝሞተ የተሓሳስበና።**

"መስቀሉ ጸዊሩ፣....ጐልጎልታ ናብ ዚብልዎ ሥፍራ ወጽአ። ኣብኡ'ውን ክልተ ካልኦት....ሰቐሉ፤ ኢየሱስ ከኣ ኣብ ማእከሎም ሰቐሉዎ"። (ዮሓ.19፣17-18)



# ረቡዕን ሰንበትን ዚድገም

## ናይ ክብሪ ምሥጢር

### 1ይ መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ፤ ካብ ሞት ከምዝተንሥአ የተሓሳስበና።

"ስለምንታይከ ነቲ ሕያው ኣብ ሙታን ትደልያኦ ኣሎ'ኽን፣ ንሱስ ተንሢኡ እዩ"። (ሉቃ.24፣5-7)

### 2ይ መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ፤ ብኽብሪ ናብ ሰማይ ከምዝዓረገ የተሓሳስበና።

"ኪባርኾም ከሎ ከኣ ካብኣቶም ተፈልየ፤ ናብ ሰማይ'ውን ዓረገ"። (ሉቃ.24፣51)

### 3ይ መንፈስ ቅዱስ፤ ኣብ ጵርሓጽዮን፣ ኣብ ልዕሊ ሓዋርያት ከምዝወረደ የተሓሳስበና።


"ኣብ መበል 50 መዓልቲ ድሕሪ ፋሲካ …ሓደ ብርቱዕ ህቦብላ …ካብ ሰማይ መጽአ፤ …ቤት'ውን መልአ …ንኹሎም ድማ መንፈስ ቅዱስ መልኦም"። (ግ.ሓ.2፣1-4)

### 4ይ እግዝእትነ ማርያም ንሰማይ ከምዝፈለሰት የተሓሳስበና።

"ዓብይ ትእምርቲ …ተራእየ፤ ፀሓይ ተወንዚፋ፣ ወርሒ ዝረገጸት 12 ከዋ'ኽብቲ ከም ኣኽሊል ኣብ ርእሳ ዝደፍአት ሓንቲ ሰበይቲ ተራእየት"። (ራእ.12፣1)

### 5ይ ናይ እግዝእትነ ማርያምን፤ ናይ ቅዱሳንን፤ ክብሪ የተሓሳስበና።

"እነሆ ድማ ካብ ኵሎም ኣሕዛብን ዓሌታትን …ዝተኣከቡ፣ ጻዕዳ ክዳውንቲ ተ'ኸዲኖም፤ ጨናፍር ስየ ሒዞም፤ ኣብ ቅድሚ እቲ ዙፋንን ኣብ ቅድሚ እቲ ገንሸልን ደው ኢሎም ረኣ'ኹ"። (ራእ.7፡9)



## ሰላም ለኪ ኦ ንግሥት

ሰላም ለኪ ኦ ንግሥት፤ ሰላም ለኪ ኦ! እመ ምሕረት፤ ሰላም ለኪ ኦ ጥዕምት ሕይወትነ ወፍሥሓነ ወተስፋ መድኃኒትነ። ኀቤኪ ንጸርሕ፣ ንሕነ ስዱዳን ውሉደ ሔዋን። ወንትመሐፀን ብኪ እንዘ ንበኪ ወናስቆቁ ፤ ምስለ ኣንብዕ በዝንቱ ቈላተ ብካይ። ወበእንተዝ ኣጽንኒ ኀቤነ በርእይ ኣዕይንተ ምሕረትኪ፤ ኣቃውምነ፤ እምድኅረ ዝንቱ ስደት ኣርእይነ ቡርክ ፍሬከርሥኪ ዘውእቱ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ፤ ኦርኅርኅት፤ ኦ ጥዕምት ኦ መሓሪት፣ ድንግል ማርያም፤ በኣስተብቍዖ፣ ታሕተ ጽላሎተ-ክነፍኪ ንጸወን፤ ኦ ወላዲተ-ኣምላክ ስብሐት ወቡርክት፤ ወኢትመንኒ ኣስተ-ብቍዖተነ በጊዜ ድቀትነ፤ ኣላ ባልሕነ ዘልፈ፣ እምኵሉ እኩይ። ኣሜን።

## ሰላም ነኣኺ ኦ! ንግሥቲ

ሰላም ነኣኺ ኦ ንግሥቲ፤ ሰላም ነኣኺ ኦ ኣደምሕረት፤ ሕይወትናን ተስፋናን ሰላም ነኣኺ፤ ንሕና ስደተይናታት ደቅሔዋን ናባኺ ደገ ንጸንዕ ኣሎና። ኣብ'ዚ ቈላ-ንብዓት ኮይንና እናበኸናን እናነባዕናን ናባኺ ንምሕጸን ኣሎና። ሃየ ደጊም ከስ ኦ ጠበቓና ነተን ርኅሩኃት ኣዕይንትኺ ናባና ምለሲ። ድሕር'ዚ ስደት'ዚ ነቲ ቡሩኽ ፍሬ ከርሥኺ ኢየሱስ ክርስቶስ ኣርእይና።

ኦ ርኅርኅት ኦ መሓሪት ኦ ጥዕምት ድንግል ማርያም፣ ኣብ ትሕቲ ጽላል ኣኽናፍኪ ንምዕቆብ ኣሎና። ኦ ብር'ኽትን ምስግንትን ወላዲተ-ኣምላኽ ልመናና ኣይተስተናዕቒ፤ ብግዜ ውድቀትና ካብ ክፉእ ኣናግፍና፤ ኣሜን።



# ሊጣንያ ዘቅድስት ድንግል ማርያም

አ ቅድስት እመ ኣምላክ
አ ቅድስት ድንግልተ ደናግል
አ እመ ክርስቶስ
አ እመ ጸጋ መለኮታዊ
አ እመ ንጽሕት እምንጹሓን
አ እመ ቅድስና
አ እመ ተዐቅቦ
አ እመ ጽሙና
አ ፍቅርት እም
አ መንክርት ኦም
አ እመ ክምር ሠናይ
አ እመ ፈጣሪ
አ እመ መድኃኒ
አ ድንግልተ ጥቀ ጠባብ
አ ድንግል ዘትከብሪ
አ ድንግል ዘትትነገሪ
አ ድንግል ዘትክሊ
አ ድንግል ዘትምሕሪ
አ ድንግል ዘትትኣመኒ
አ መጽሔተ ጽድቅ
አ መዝገበ ወርቅ
አ ጽላተ ኪዳን
አ ኆኅተ ሰማይ
አ ኮከበ ጽባሕ
አ ፈዋሲተ ሕሙማን
አ ምስካየ ኃጥኣን
አ ረዳኢተ ክርስትያን
አ ንግሥተ መላእክት
አ ንግሥተ ኣበው
አ ንግሥተ ነብያት
አ ንግሥተ ሓዋርያት
አ ንግሥተ ሰማዕታት
አ ንግሥተ ጻድቃን
አ ንግሥተ ደናግል
አ ንግሥተ ምእመናን

ሰኣሊ ለነ

አ ቅድስቲ ኣደ ኣምላኽ
አ ቅድስቲ ድንግል ደናግል
አ ኣደ ክርስቶስ
አ ኣደ መለኮታዊ ጸጋ
አ ንጽሕቲ ኣደ
አ ኣደ ቅድስና
አ ዕቅብቲ ኣደ
አ ኣደ ጽሞና
አ ተፈታዊት ኣደ
አ እተደንቕ ኣደ
አ ኣደ ጽቡቕ ምኽሪ
አ ኣደ ፈጣሪ
አ ኣደ መድሓኒ
አ ጥበበኛ ድንግል
አ ክብርቲ ድንግል
አ ውድስቲ ድንግል
አ ከኣሊት ድንግል
አ ርሕርሕቲ ድንግል
አ ተኣማኒት ድንግል
አ መስትያተ ጽድቂ
አ መዝገበ ወርቂ
አ ታቦት ኪዳን
አ ኣፍ-ደገ ሰማይ
አ ኮኾብ ጽባሕ
አ ፈዋሲት ሕሙማን
አ ዑቕባ ሓጥኣን
አ ረዳኢት ክርስቲያን
አ ንግሥቲ መላእኽቲ
አ ንግሥቲ ኣበው
አ ንግሥቲ ነብያት
አ ንግሥቲ ሓዋርያት
አ ንግሥቲ ሰማዕታት
አ ንግሥቲ ጻድቃን
አ ንግሥቲ ደናግል
አ ንግሥቲ ምእመናን

ለምንልና

| | |
|---|---|
| ኦ ንግሥተ ኵሎሙ ቅዱሳን | ኦ ንግሥቲ ኩሎም ቅዱሳን |
| ኦ ንግሥተ ዘተጸነስኪ | ኦ ብዘይኃጢኣት ኣዳም |
| እንበለ ይብጻሕ ብኪ ኃጢኣተኣዳም | ዝተጠንስኪ ንግስቲ |
| ኦ ንግሥት ዘፈለስኪ ውስተ ሰማይ | ኦ ንሰማይ ዝፈለስኪ ንግሥቲ |
| ኦ ንግሥት ዘጥቀ ቅዱስ ሮዛርዩም | ኦ ንግስቲ ቅዱስ ሮዛርዮ |
| ኦ ንግሥተ ሰላም | ኦ ንግሥተ ሰላም |

ኦ በግዑ ለእግዚኣብሔር ዘተኣትት ኃጢኣተ-ዓለም..........................**ስምዐነ**
**ኦ ንኃጢኣት ዓለም እትቕንጥጥ በጊዕ እግዚኣብሔር......................ተዓረቕና**
ኦ በግዑ ለእግዚኣብሔር ዘተኣትት ኃጢኣተ-ዓለም..........................**መሓረነ**
**ኦ ንኃጢኣት ዓለም እትቕንጥጥ በጊዕ እግዚኣብሔር........................ስምዓና**
ኦ በግዑ ለእግዚኣብሔር ዘተኣትት ኃጢኣተ-ዓለም..........................**ተሠሃለነ**
**ኦ ንኃጢኣት ዓለም እትቕንጥጥ በጊዕ እግዚኣብሔር......................መሓረና**

**ይ.ካ. ኦ ቅድስት ማርያም ወላዲተ-ኣምላክ ሰኣሊ ለነ፤**

**ይ.ሕ. ከመ ንኩን ድልዋነ ለዘኣሰፈወነ ክርስቶስ።**

**ንጸሊ!**

ኦ እግዚኣብሔር ኣምላክ፤ ሀበነ ለነ ለኣግብርቲከ ወትረ ጥዒና፤ በነፍስነ ወበሥጋነ፤ ወከመ ንርከብ በትንብልናሃ ለክብርት ድንግል ማርያም፤ ወከመ ንትኀባእ፤ እምክንያተ-ዝንቱ ዓለም፤ ወከመ ንርከብ ሕይወተ ወፍሥሓ ዘለዓለም። በእንተ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ።
**ይ.ሕ. ኣሜን።**

---

**ይ.ካ. ነቲ ክርስቶስ ዘተስፈወና ምእንቲ ክንበቕዕ**

**ይ.ሕ. ኦ ቅድስቲ ማርያም ወላዲት ኣምላኽ ለምንልና!**

**ንለምን**

**ኦ እግዚኣብሔር ንኣና ንኣገልገልትኻ ናይ ነፍስን ናይ ስጋን ጥዕና ሃበና። ብናይ ወትሩ ብጽዕትን ክብርትን ዝኾነት ድንግል ማርያም ልመናውን ካብ ናይዚ ዓለምዚ መከራ ድሒንና ዘልዓለማዊ ፍስሓ ከም እንረክብ ክትገብረና ብጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንልምነካ ኣሎና። ኣሜን።**

## ኣዕኑድ ጸሎታት

### ናይ ሃይማኖት ስራሕ

ኦ! ኣምላኸይ ዘይትሰሓሓት፤ ኡነተይና መምህራ፣ ንስኻ ኢኻ'ሞ፤ ሓንቲ፤ ቅድስቲ፤ ካቶሊካዊት፤ ሓዋርያዊት፤ ቤተክርስትያን እተኣምኖ ዅሉ፤ ብፅኑዕ ልቢ ኣኣምን ኣሎኹ።

### ናይ ተስፋ ስራሕ


ኦ! ኣምላኸይ ናትካ ቃል ኡነተይና እዩ'ሞ፤ ምእንቲ ናይ ኢየሱስ ክርስቶስ ትሩፋት፤ ኣብ'ዚ ዓለም'ዚ ጸጋኻ ከምትህበኒ፤ ብናትካ ሥርዓት እንተነበርኩ፤ ኣብ ዚመጽእ ዓለም፤ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ከምትህበኒ፤ ብፅኑዕ ልቢ ተስፋ እገብር ኣሎኹ።

### ናይ ፍቕሪ ስራሕ

ኦ ኣምላኸይ ፍጹም ሕያዋይ ኢኻ'ሞ፤ መወዳእታ ብዘይብሉ እትፍቶ ኢኻ'ሞ፤ ብፍጹም ልቢ እፈትወካ፤ ምእንታኻ'ውን ንኹሉ ሰብ ከም ርእሰይ እፈቱ።

### ናይ ንስሓ ስራሕ

ኦ ኣምላኸይ እንካብ ዅሉ ሕያውይ ኢኻ'ሞ፤ ብውሽቲ ልበይ እፈትወካ፤ ንኃጢኣት'ውን ትጸልእ ኢኻ'ሞ፤ ልዕሊ ዅሉ ብኃጢኣተይ እሓዝን፤ ናብ ካልእ ኃጢኣት ክሽይድ ኣይፈቱን፤ ካብ ናይ ኃጢኣት ምኽንያት ክርሕቕ ብጸጋኻ ጽኑዕ ፍቓድ እገብር ኣሎኹ።



# ኪጣንያ ዘቅዱስ ስመ ኢየሱስ

✝ "ስሙ ኢየሱስ ክትብሎ ኢኻ" ማቴ 1.21

✝ "ብእኡ ክንድሕን ዚግባእ ካልእ ስም ኣብ ትሕቲ ሰማይ ንደቂ ሰብ ኣይተዋህበን። ግ.ሓ. 4.12

✝ "ስለዚ ንኽብረ ስም ኢየሱስ፥ ኣብ ሰማይን ምድርን ኣብ ትሕቲ ምድርን ዘሎ ኹሉ ፍጥረት፥ ብብርኩ ኪምብርከኽ እዩ" ፊልጵ 2.10

## ግዕዝ

ኪርያ ላይሶን
ክርስቴ ኤለይሶን
ኪርያ ላይሶን
ኦ ኢየሱስ ስምዓነ
ኦ ኢየሱስ አጽምአነ
ኦ ሰማያዊ ኣብ ኣምላክ
ኦ መድኃኔ ዓለም ወልድ ኣምላክ
ኦ መንፈስ ቅዱስ አምላክ
ኦ ቅድስት ሥላሴ አሐዱ አምላክ
ኦ ኢየሱስ ወልደ አምላክ ሕያው
ኦ ኢየሱስ ፀዳለ አብ
ኦ ኢየሱስ ፀዳለ ብርሃን ዘለዓለም
ኦ ኢየሱስ ፀሐየ ጽድቅ
ኦ ኢየሱስ ንጉሠ ክብር
ኦ ኢየሱስ ወልደ ማርያም ድንግል
ኦ ኢየሱስ ፍቁር
ኦ ኢየሱስ መንክር
ኦ ኢየሱስ አምላከ ኃይል
ኦ ኢየሱስ አበ ዓለም ሐዲስ
ኦ ኢየሱስ መልአከ ምክር ዓቢይ
ኦ ኢየሱስ ፍጹም ከሃሊ
ኦ ኢየሱስ ፍጹም መስተዓግሥ
ኦ ኢየሱስ ፍጹም ተአዛዚ፣
ኦ ኢየሱስ የዋህ ወትሑተ ልብ
ኦ ኢየሱስ መፍቀሬ ንጽሕ
ኦ ኢየሱስ መፍቀሬ ዚአነ
ኦ ኢየሱስ አምላከ ሰላም
ኦ ኢየሱስ ወሃቤ ሕይወት

መሐረነ

## ትግርኛ

ኪርያ ላይሶን
ክርስቴ ኤለይሶን
ኪርያ ላይሶን
ኦ ኢየሱስ ስምዓነ
ኦ ኢየሱስ አጽምአነ
ኦ ሰማያዊ ኣብ ኣምላክ
ኦ መድኃኔ ዓለም ወልድ ኣምላክ
ኦ መንፈስ ቅዱስ አምላክ
ኦ ቅድስት ሥላሴ አሐዱ አምላክ
ኦ ኢየሱስ ወልደ አምላክ ሕያው
ኦ ብርሃን ኣቦ ኢየሱስ
ኦ ኢየሱስ ፀዳለ
ኦ ንጉስ ክብሪ ኢየሱስ
ኦ ጸሓይ ጽድቂ ኢየሱስ
ኦ ወዲ ማርያም ድንግል ኢየሱስ
ኦ ፍቁር ኢየሱስ
ኦ መንክራዊ ኢየሱስ
ኦ ሓያል ኣምላኽ ኢየሱስ
ኦ ኣቦ መጻኢ ዓለም ኢየሱስ
ኦ ልኡኽ ዓቢ ምኽሪ ኢየሱስ
ኦ ፍጹም ከኣሊ ኢየሱስ
ኦ ፍጹም ተዓጋሲ ኢየሱስ
ኦ ፍጹም ተኣዛዚ ኢየሱስ
ኦ የዋህን ትሑት ልብን ኢየሱስ
ኦ መፍቀር ንጽህና ኢየሱስ
ኦ መፍቀሪና ኢየሱስ
ኦ ኣምላኽ ሰላም ኢየሱስ
ኦ ወሃብ ሕይወት ኢየሱስ

መሓረኒ

ኦ ኢየሱስ አርአያ ዘኃያላ ነፍሳት
ኦ ኢየሱስ ዓርከ ነፍሳት ቀናዒ
ኦ ኢየሱስ አምላክነ
ኦ ኢየሱስ ምስካይነ
ኦ ኢየሱስ አበ ነዳያን
ኦ ኢየሱስ መዝገበ ምእመናን

ኦ ኢየሱስ ኄር ኖላዊ
ኦ ኢየሱስ ብርሃን አማናዊ
ኦ ኢየሱስ ጥበብ ዘለዓለም
ኦ ኢየሱስ ኂሩት ዘኢየኀልቅ
ኦ ኢየሱስ ፍኖትነ ወሕይወትነ
ኦ ኢየሱስ ሐሤተ መላእክት
ኦ ኢየሱስ ንጉሠ አበው
ኦ ኢየሱስ መምህረ ሐዋርያት
ኦ ኢየሱስ ሊቀ ወንጌላውያን
ኦ ኢየሱስ ፅንዐ ሰማዕታት
ኦ ኢየሱስ ብርሃነ ጻድቃን
ኦ ኢየሱስ ንጽሐ ደናግል
ኦ ኢየሱስ አክሊለ ኵሎሙ ቅዱሳን

ነግሥ መ

ቃውመ ኵነነ ኢየሱስ ተሣሃለነ
ቃውመ ኵነነ ኢየሱስ ስምዓነ
እመከራ ኵሉ
እምኵሉ ኃጢኣት
እመዓትከ
እምነ ዲፓሁ ለዲያብሎስ
እሞት ዘለዓለም
እመንፈስ ዝሙት
እምኀዲገ ምክርከ

ሆሣዕና ነግሥ

በእንተ ምሥጢረ ሥጋዌከ
በእንተ ልደትከ
በእንተ ከዊኖትከ ሕፃነ
በእንተ ፍጹም ኣምላካዊ ሕይወትከ
በእንተ ድካምከ

ኦ ኣርኣያ ሓያላት ኢየሱስ
ኦ ቀናኢ ነፍሳት ኢየሱስ
ኦ ኣምላኽና ኢየሱስ
ኦ መጸናንዒና ኢየሱስ
ኦ ኣቦ ድኻታት ኢየሱስ
ኦ መዝገበ ምእመናን ኢየሱስ

ኦ ሕያዋይ ጓሳ ኢየሱስ
ኦ ሓቀኛ ብርሃን ኢየሱስ
ኦ ዘልኣለማዊ ጥበብ ኢየሱስ
ኦ ሕያውነትካ ዘይውዳእ ኢየሱስ
ኦ መንገዲ ድሕነትና ኢየሱስ
ኦ ታሕጓስ መላእኽቲ ኢየሱስ
ኦ ንጉሰ ኣበው ኢየሱስ
ኦ መምህር ሓዋርያት ኢየሱስ
ኦ ሓለቓ ወንጌላውያን ኢየሱስ
ኦ ሓይሊ ሰማዕታት ኢየሱስ
ኦ ብርሃን ጻድቃን ኢየሱስ
ኦ ንጽሕና ደናግል ኢየሱስ
ኦ ኣኽሊል ኩሎም ቅዱሳን ኢየሱስ

ነግሥ መ

ኦ ኢየሱስ ይቕረ በለልና ጠበቓ ኵነና
ኦ ኢየሱስ ስምዓና ጠበቓ ኵነና
ካብ ኩሉ ክፉእ
ካብ ኩሉ ሓጥያት
ካብ መዓትካ
ካብ ድንገት ዲያብሎስ
ካብ መንፈስ ዝሙት
ካብ ዘልዓለማዊ ሞት
ካብ ምድፋር ምኽርካ

ነግሥ ሆሣዕና

ምእንቲ ቅድስቲ ምስጢራዊት ስጋዌኻ
ምእንቲ ልደትካ
ምእንቲ ሕፃን ምኻንካ
ምእንቲ ኣምላኻዊ ፍጽምቲ ሕያውነትካ
ምእንቲ ቅንዕቲ ግብርኻ

| | |
|---|---|
| በእንተ ገዓርከ ወሕማምከ | ምእንቲ ገዓርካን ስቅያትካን |
| በእንተ መስቀልከ ወተኀድጎትከ | ምእንቲ መስቀልካን ምሕዳካን |
| በእንተ ፃዕራቲከ | ምእንቲ ምጽዓርካን |
| በእንተ ሞትከ ወተቀብሮትከ | ምእንቲ ሞትካን ቀብርካን |
| በእንተ ትንሣኤከ | ምእንቲ ትንሳኤኻ |
| በእንተ ዕርገትከ | ምእንቲ ዕርገትካ |
| በእንተ ሠሪዖትከ ጥቀ ቅዱስ ቍርባን | ምእንቲ ፍጹም ቅዱስ ቁርባን ምስራዕካ |
| በእንተ ፍሥሐከ | ምእንቲ ታሕጓስካ |
| በእንተ ክብርከ | ምእንቲ ክብርኻ |

ኦ በግዑ ለእግዚኣብሔር ዘተአትት ኃጢአተ ዓለም.............**ተሣሃለነ ኢየሱስ**
**ኦ ንኃጢኣት ዓለም እትቕንጥጥ በጊዕ እግዚኣብሔር**.....................ተዓረቐና
ኦ በግዑ ለእግዚኣብሔር ዘተአትት ኃጢአተ ዓለም...............**ስምዓነ ኢየሱስ**
**ኦ ንኃጢኣት ዓለም እትቕንጥጥ በጊዕ እግዚኣብሔር**.....................ስምዓና
ኦ በግዑ ለእግዚኣብሔር ዘተአትት ኃጢአተ ዓለም..............**መሓረነ ኢየሱስ**
**ኦ ንኃጢኣት ዓለም እትቕንጥጥ በጊዕ እግዚኣብሔር**.....................መሓረና

**ንጸሊ**

ኦ እግዚእነ፣ ኢየሱስ ክርስቶስ ዘትቤለነ አንተ **ሰአሉ ወይትወሀበክሙ፤ ኅሡ ወትረክቡ፤ ጐድጕዱ ወይትረኀወክሙ።** ንስእለከ እግዚኦ ከመ ትጸግወነ ለነ ለሰአልያን ፍሬ ዕበየ ፍቅርከ መለኮታዊ ከመ ናፍቅርከ በኵሉ ልብ ወአፍ ወሥርዓት ወከመ ኢናዕርፍ ሰብሖተከ ወትረ። ኦ እግዚኦ ረስየነ ከመ ንርከብ ፈሪሆተ ስምከ ቅዱስ። ወዘዘልፍ አፍቅሮቱ እስመ ማእዜኒ ኢተኀድጎሙ እምርዕዮትከ ለዘአቀምኮሙ ውስተ ፅንዓተ ፍቅርከ ዘተሐዩ ወዘትነግሥ ለዓለመ ዓለም። **አሜን።**

**ንጸሊ**

ኦ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ***"ለምኑ ክወሃበኩም ድለዩ ክትረኽቡ ኢኹም፣ ኳሕኩሑ ክኽፈተልኩም እዩ"*** ዝበልካና ብልብን ብኣፍን ብተግባርን ከነፍቅረካን፡ ካብ ምምስጋንካ ምእንቲ ከይነቋርጽን፡ ብመለኮታዊት ፍቕርኻ ንዝፈጠርካዮምን ዘድሓንካዮምን ካብ ምሕላዎምን ኣይተቋርጽን'ሞ፥ ንዓና ነዞም እንልምነካ ዘሎና ኩሉ ጊዜ ፍርሓት ስምካን ቅዱስ ፍቕርኻን ብሓባር ከተሕድረልና ንዘልዓለም ዓለም እትነብርን እትነግሥን ኣምላኽ ንልምን ኣሎና። **ኣሜን**

## መልኣኸ እግዚኣብሔር

መ፣ መልኣከ እግዚኣብሔር አብሠራ ለማርያም።
ሕ፣ ወፀንሰት እመንፈስ ቅዱስ።

*መ፣ ኦ እግዝእትነ ማርያም ሰላም ለኪ፤ ድንግል በኀሊናኪ ወድንግል በሥጋኪ እመ እግዚኣብሔር ፀባዖት ሰላም ለኪ፤ ቡርክት ኣንቲ እምኣንስት ወቡሩክ ፍሬከርሥኪ።*

*ሕ፣ ተፈሥሒ ፍሥሕት ኦ ማርያም ምልእተ ጸጋ፣ እግዚኣብሔር ምስሌኪ ሰኣሊ ወጸልዪ ኀበ ፍቁር ወልድኪ ኢየሱስ ክርስቶስ ከመ ይሥረይ ለነ ኃጣውኢነ ይእዜ ወበጊዜ ሞትነ አሜን።*

መ፣ ወትቤ ማርያም ነየ ኣመቱ ለእግዚኣብሔር።
ሕ፣ ይኩነኒ በከመ ትቤለኒ፥

መ፣ ቃል ሥጋ ኮነ።
ሕ፣ ወኀደረ ላዕሌነ።

መ፣ ኦ ቅድስት፣ ማርያም ወላዲተ ኣምላክ፣ ሰኣሊለነ
ሕ፣ ከመ ንኩን ድልዋነ ለዘኣሰፈወነ ክርስቶስ።

## ንጸሊ

ንስእለከ እግዚኦ፣ ከዐው ለነ ጸጋከ በውሳጤ ልብነ፤ ከመ ንርከብ ክብረ ዘለዓለም ንሕነ እለ ኣእመርነ በቃለ መልኣክከ ተሠግዎቶ ለክርስቶስ ወልድከ፣ በሕማሙ ወበመስቀሉ ንብጻሕ ኀበ ትንሣኤ ስብሓት። በውእቱ ክርስቶስ እግዚእነ።
ኣሜን።

## ብሥራት መልኣኽ እግዚኣብሔር

መ፡ መልኣኽ እግዚኣብሔር ንማርያም ኣበሰራ
ተ፡ ብናይ መንፈስ ቅዱስ ኃይሊ ጸነሰት

***መ፡ ሰላም ንኣኺ ኦ ማርያም....***
***ተ፡ ኦ ቅድስቲ ማርያም....***

መ፡ እነኹ ኣገልጋሊት እግዚኣብሔር
ተ፡ ከምቲ ዝበልካኒ ይኹነለይ

መ፡ ቃል ሥጋ ኮነ
ተ፡ ኣባና'ውን ሓደረ

**መ፡ ነቲ ክርስቶስ ዘተስፈወና ምእንቲ ክንበቅዕ**
ተ፡ ኦ ቅድስቲ ማርያም ኣደ ኣምላኽ ለምንልና

## ንጸሊ

ኦ ጐይታና ቃል መልኣኽካ ሰሚዕና፡ ናይ ክርስቶስ ወድኻ ስጋዌ ዝኣመንና፡ ዘልኣለማዊ ክብሪ ምእንቲ ክንረክብ ኣብ ውሽጢ ልብና ጸጋኻ ከዓወልና። ብናይ ሥቅያቱን ሞቱን ትሩፋት ከኣ ናብ ናይ ትንሳኤ ክብሪ ከተብጽሓና ንልምነካ ኣሎና። ኣሜን

**መ፥** ስብሓት ንኣብን ንወልድን ንመንፈስ ቅዱስን ይኹን።

**ተ፥** ጥንቲ ከም ዝነበረ ሕጂ ከኣ ንወትሩ ንዘልዓለም ዓለምን ኣሜን።

## ብዘመነ ትንሣኤ

መ፣ ተፈሥሒ ኦ ንግሥተ ሰማይ ሃሌ ሉያ።
ሕ፣ እስመ ዘደለወኪ ትጹርዮ ሃሌ ሉያ።

መ፣ በከመ ይቤ ተንሥአ ሃሌ ሉያ።
ሕ፣ ሰኣሊ ለነ እመ ኣምላክ ሃሌ ሉያ።

መ፣ ተፈሥሒ ወተሓሰዪ ድንግል ማርያም ሃሌ ሉያ።
ሕ፣ እስመ ተንሥአ እግዚእነ በአማን ሃሌ ሉያ።

## ንጸሊ

ኦ ኣምላክ ዘሠመርከ ከመ ታሥተፍሥሕ ዓለመ በትንሣኤሁ ለእግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ፤ ናስተበቍዓከ ከመ ትረስየነ ንርከብ በእንተ እሙ ድንግል ማርያም ፍሥሓ ዘለዓለም ሕይወት በእንተ እግዚእነ ኢየሱስ ክርስቶስ። ኣሜን።

## ብዘመነ ትንሳኤ

መ፡ ኦ ናይ ሰላም ንግስቲ ተሓጎሲ ሃሌሉያ።
ተ፡ ንምጻሩ ግብእቲ ኰንኪ ኢኺ ሃሌሉያ።

መ፡ ከምቲ ዝበሎ ተንሲኡ እዩ ሃሌሉያ።
ተ፡ ኦ ኣደ ኣምላኽ ለምንልና ሃሌሉያ።

መ፡ ኦ ድንግል ማርያም ተሓጎሲ ሃሌሉያ።
ተ፡ ጐይታና ብሓቂ ተንሲኡ እዩ ሃሌሉያ።

## ንለምን

ኦ ኣምላኽ ብናይ ወድኻ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ትንሳኤ ንዓለም ከተሐጉስ ዝደለኻ፡ ምእንቲ ድንግል ማርያም ኣዲኡ፡ ብጐይታና ኢየሱስ ገቢርካ ናይ ዘልዓለማዊ ሕይወት ታሕጓስ ክትህበና ንልምነካ ኣሎና። ኣሜን።

**ስብሓት ንኣብን. . .**